# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 36 ዓመት ቁ.1 | ሰሉስ 1 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 3



‘ዘመተ ባሕሪ’፡ ንመደንቐሪ ህዝቢን መናውሒ ዕምሪን

ገጽ 4


ተዘክሮታት “ካብ ጐርፊ ተዘክሮ”



ገጽ 7

ምልክታ

ገጽ 9



ገጽ 11

ሃገራዊት-ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ተመሪጻ




## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ መበል 21 ፍሉይ ዋዕላ ባይቶ መራሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ

ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃን ሃገራት ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃን ኣቶ ሳልሕ ዑመር ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ “ምሕያል ኣልያታት ምክልኻልን ምፍታሕን ግጭታት ኣብ ኣፍሪቃ” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 29 ክሳብ 30 ነሓሰ ኣብ ልዋንዳ - ኣንጎላ ኣብ ዝተኻየደ መበል 21 ፍሉይ ዋዕላ ባይቶ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ግጭታት ንምግታእን ንምፍታሕን ዝቘሙ ኣልያታት ዛጊት ኣድማዒ ስራሕ ከሰላስሉ ከምዘይከኣሉ ብምጥቃስ፡ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ዋዕላ ኣብ ባይታ ተጨባጢ ለውጢ ከምጽኡ ዝኽእሉ ግብራዊ ተበግሶታት ዝወሰደሉ ክኸውን ከምዝጽዓር ኣገንዚቡ።

ቀንዲ ጠንቂን ኣገዳስነትን ግጭታት ኣፍሪቃ፡ ዓሌታውን ሃይማኖታውን ምትፍናን፡ ድኹም ስርዓት መንግስታት፡ ብልሽውና፡ ከፋፋልን ሃማሽን ፖለቲካን ናይ ደገ ምትእትታውን ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ንምእላዮም ኣጠቓላልን ስትራተጅካውን ስጉምታት ምውሳድ ከምዝድሊ ዝኣመተ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ብቑዓምነት ዝስራዕ ተራን ሓላፍነትን ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ምርግጋጽ ውሽጣዊ ጸጥታን ርግኣትን ከምዝኾኑ ኣስሚሩሉ።



ምውሓስ ልኡላውነት፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ናጽነትን ኣባል ሃገራት፡ ካብ ቀንዲ ዕላማታትን መትከላትን ናይ’ቲ ሕብረት ምዃኑ ብምዝኽኻር ድማ፡ እቲ ሕብረት ጽኑዕ መርገጺ ክህልዎ ከምዝደሊ ገሊጹ።

ዋዕላ ኣብ ዝቐጸለ ዘተ፡ ግጭታት ንምግታእን ንምፍታሕን ኣብ ዝቐጸለ ጻዕሪ ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ መዋቕር ምውሓስ ሰላምን ጸጥታን ንምሕያል ግብራዊ ስጉምቲ ክውሰድ፡ ኣብ መንን ኣባል ሃገራትን ኣልያታት ሕብረት ኣፍሪቃን ዝያዳ ወሀደትን ስጥመትን ክህሉ፡ ናይ ቅድመ-ግጭታት ዲፕሎማሲያዊ ስራሓት ዝሕይልሉ መገድታት ክፍጠር፡ ከምኡ’ውን ኣብ ክንዲ ኣብ ምፍታሕ ግጭታት፡ ኣብ ቅድመ-ምግታእ ግጭታት ዘተኩረ ስትራተጂ ክህሉ ኣብ ምርድዳእ በጺሑ።

እቲ ፍሉይ ዋዕላ ኣብ መወዳእታ፡ ኣልያታት ምክልኻልን ምፍታሕን ግጭታት ኣፍሪቃ ንምሕያል ክወሰዱ ዘለዎም ስጉምታት ዘጽር ውሳኔታት፡ ከምኡ’ውን ወጣን ትግባረን ናይ ግዜ ሰሌዳን ኣጽዲቑ።

## መልእኽቲ ህዝባዊ ግንባር ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም 2026

ባሕቲ መስከረም 1961፡ ዕለተ ብስራት ንታሪኻዊ ሕርያ ህዝቢ ኤርትራ - ምስግጋር ናብ ዕጥቃዊ ተጋድሎ’ያ። መሰል ርእሰ-ውሳነኡ ብጎበጣ ተረጊጹ ክጭፍለቕ፡ ግዳይ ጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓታት ርእሰ-ሓያላን ክኸውን ናይ ዘይፈቐደ ህዝቢ ዝለዓለ መልክዕ ግብረ-መልሲ ተቓውሞን መግለጺ ቅባጸት ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሰን’ያ ዝነበረት። ቅድሚ 65 ዓመታት ዝተሰገደደ ከቢድ ሕርያ ይኹን’ምበር፡ ንሰለስተ ዕቝድ ብደምን ረሃጽን ህዝቢ ኤርትራ፡ ንኽልተ ስርዓታት ኢትዮጵያ - ሃይለስላሰን ደርግን - ዝበራረዩ ዘራያቶምን ብሓይሊ ስዒሩ፡ ብሕጊ መሰሉ ዘረጋገጸ ዕዉት ሰውራ ንሓርነት’ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ምህናጽ ከም ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝበለ፡ ኣሳታፊ ሰውራዊ ሃገራዊ ውድብ፡ ኣብ ምንጻር ሃገራዊ ፕሮግራም፡ ምልላይ ውፉይ መሪሕነት ዘሕለፎ ቃልሰን ዘመዝገቦ ዓወታትን፡ ብመስፈር ግዜ ኣብ እዋኑ ጥራይ ዘይሕጸር፡ ስግሩ ኣብ ምህናጽን ምኽባርን ልኡላውነት ኤርትራ ዘገልግል፡ ውዳቡ፡ መሪሕነትን ክብርታትን ከሲቡ’ዩ። ብጂኦግራፍ’ውን ኣብ ኤርትራ ከይተደረተ፡ ብጽልዋን ግብራዊ ምትሕግጋዝን ንፍትሓዊ ቃልሲ ውጹዓት ህዝብታት ከባቢና ጸወንን ኣብነትን ኮይኑ ንረኽቦ። እዚ ተመክሮ’ዚ ካብ ግዳማዊ ምሕንካር ኣናጊፉ፡ ናብ ሰላማዊ ናይ ምትሕግጋዝን ምምልላእን ሃዋህው ክወስደና ይኽእል’ዩ።

ሎሚ፡ ዘይፈገዱ፣ ስዕረት ዘይተዋሕጠሎም፡ ሕልሚ ምስፍሕፋሕ ዝደገሶም፡ ንሓደስቲ ጎይቶት ከገልግሉ ሴፍ መዚዞካ ምንብጥባጥ ዝብረሆም ዘሎ፡ ኩናት ዘሳሕዮም ዘሎ፡ “ኣይፋልኩምን፡ ንቐዳሞት ዝለከመ ምርጫ ኣይትድገሙ”፡ መልእኽቲ መስከረም’ዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!

## ስዑድያ - ኤርትራውያን መበል 65 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብድምቀት ጸንቢሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ሪያድ፡ ጅዳን ኣ’ኮማሽን - ስዑድያ፡ ባሕቲ መስከረም መበል 65 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ብ27 ነሓሰ ብድምቀት ጸንቢሎም።

ኣብ ሪያድ ኣብ ዝተገብረ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣቦመንበር ማሕበረኮም ሪያድን ከባቢኣን ኣቶ ተስፋይ ተኽሉ፡ ንታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ናይ’ዛ ዕዝዝቲ ዕለት ብምግላጽ፡ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ብኽቡር ዋጋ ዝተረኽበት ናጽነት ምዕቃብን ብልምዓት ምሕላውን ሓላፍነት ወለዶታት ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዑድያ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር ብወገና፡ ቅድሚ 65 ዓመታት ብ1961 ኣብ ጎቦ ኣዳል ዝተባርዐት ንጣር ቀልዒ፡ ነቲ ንመሰሉን ሓርነቱን ብሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝቃለስ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ብስራት ሓድሽ መድረኽ ከምዝነበረት ብምጥቃስ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ጅግኑ ሓይልታት ምክልኻሉን “የቐንየልና” ኢላ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ንክብርን ርዝነትን ባሕቲ መስከረም ዝገልጽ መሰናድኦታት፡ ብተመሃሮ ኣህጉራዊ ቤት-ትምህርቲ ኤርትራ ቀሪቡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማታት ጅዳን ኣ’ኮማሽን ተመሳሳሊ ጽንብላት ተኻዪዱ።

ኣብ ጅዳ ኣብ ዝተወደበ ስነ-ስርዓት፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ዓብዱራሕማን ዑስማን ኣብ ዘስመዖ መልእኽቲ፡ ባሕቲ መስከረም - ህዝቢ ኤርትራ እምቢታኡ ንመግዛእትን ድሌቱ ንናጽነትን ብህይወቱ ንምርግጋጽ ብረት ዘልዓለላ ታሪኻዊት ዕለት ትእምርቲ ዘይተጻዓደነትን መስዋእትነትን ከምዝኾነት ብምርግጋጽ፡ ንምንባይ ስድራ ስውኣትን ምስሳን ማዕበን ሕድሪ ሰማእታትን ዝዓበ ኣበርክቶ ብዝለዓለ ክቕጽል ተላቢዩ።

እቲ ኣጋጣሚ፡ ብባህላውን ስነ-ጥበባውን ትሕዝቶታት ዝተሰነየ ነይሩ።



# ዛዕባ ሎሚ

## ‘ዘመተ ባሕሪ’፡ ንመደንቆሪ ህዝቢን መናውሒ ዕምሪን

ሰላም ኣርኣያ

*“ሓደ ዓይነት ጌጋ ካብ ምድጋም ዝኸፍአ ድንቁርና የለን።”* **ኣልበርት ኣይንስታይን።**

ሎሚ 1 መስከረም 2026፡ መበል 65 ዝኽሪ ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ባሕቲ መስከረም ናይ 1961፡ ኣብ ሰንሰለታዊ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ ውሳነ ኣገባብ ቃልሲ ካብ ሰላማውን ፖለቲካውን ናብ ዕጥቃዊ መኸተ ዘሰጋገረት መሪሕ ዕለት እያ። ብኣጋጣሚ'ዛ ዕዙዝቲ ዕለት ከኣ ንሕሉፍ ታሪኽን ሎምን ብምንጽጻር ገለ ሓሳባት ወስ ምባል ኣገዳሲ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ተጻባኢ ባህርይ ዘይብሉ፡ ዘይናቱ ዘይደሊ ህዝቢ እኳ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዓይኒ ዝሰሓበ ስትራተጅያዊ ኣቀማምጣ መሬቱን ባሕሩን ህላወኡ ንምርግጋጽ፡ ኣዶ ከይሃበ ዝዘመናት ኣብ ቀጻሊ መኸተ ክጽመድ ዝተገደደ ህዝቢ ብምዃኑ፡ ታሪኹ ብርቂት ኣለዎ። ምኽንያቱ ህዝቢታት ብመጠን ዝገጠሞም ብደሆን ንኡ ንምስዓር ዘቕደድዎ መኸተ፡ ዘጥረይዎ ባህልን ክብርታትን ዝፈጸምዎ ቅያታት ርዝነት ታሪኾም ይፈላለ እዩ።

### መኸተ፡ ቅድመ መግዛእቲን እዋን መግዛእቲን

ኣብ ታሪኽ ማእከላይ ዘመን ናይዚ ዞባዚ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ በዚ ናይ ሎሚ ኣህጉራዊ ዶባተን ከይቖማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኸሉ ኩርናዓት፡ እንተላይ ካብ ስግር ባሕሪ ብምምጻእ ዝፈታተኑዎ ዝነበሩ ወረርቲ እናመከተ ንሰለ ስብኣዊ ማሰሉን ክብረቱን ዘየደ፡ ናይ “ኣይግዛእን!” “ኣየርገጽን!” ሓርበኛነት ሱድን ዘለዋዊ ታሪኽ እዩ። ዘመነ መግዛእቲ ምስ መጸ እውን ምእንቲ መሰሉ ምሳተፍን ምስ ብሓይሊ ኣጻዋር ኣዝዩ ጸብለል ዝበለዎ መግዛእታዊ ሰራዊት ጣልያን ገጢሞም ዝወደቑ “ኣይንግዛእን!” ኢሎም ዝተረሸኑን ዝተሓየሩን ኤርትራውያን ውሑዳት ኣይነበሩን።

ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ 1941፡ ጣልያንን ሰብ ኪዳኑን ምስ ተሳዕሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ማሰል ርእሰ ውሳነኡ ንናጽነትን ልኡላውነትን ከረጋግጽ'ዩ ኣንቂዱ። ይኹን'ምበር ቢታ ሸው ዓበይቲ ዝነበራ ኣመራጺ ባህጉን ድሌቱን ተኸልዩ። እዚ ፍጻመ'ዚ፡ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ 20 ክፍለዘመን ሓደ ካብ ዓበይቲ ጥሕሰታት ኣህጉራዊ ሕጊን ግህሰት ማሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢን'ዩ ኒዩሩ። እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ በዚ ዕንቅፋት'ዚ ኣይተሰናበደን። ሰላማውን ሕጋውን ተቓውሞኡ ብሓይሊ ጭፍለቓ ንምጽዓድ ኣብ ዝተሃቀሎን 20 ዓመታት፡ ኢዱ ከይሃበ፡ ሰላማዊ ተቓውሞኡ ከየስለከየ ብምቕጻል፡ ኣብ መወዳእታ ሰማዒ እዝኒ ምስ ሰኣነ፡ ብ1 መስከረም 1961 ሕጋዊ ማሰሉ ብቐልጽሙ ንምርግጋጽ ዕጥቃዊ መኸተ ኣበገሰ።

ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካየደሉ ዝበረ ዘመን “ዝሓሉል ኩናት”፡ ካብ 1961 ጀሚርካ ክሳብ 1974 ኣመሪካን ሰብ ኪዳናን ከምኡ'ውን ካብ 1974 ክሳብ 1991 ሕብረት ሶቭየትን ሰብ ኪዳናን ተበራርዮም፡ ንሓደ ንእሽቶ ህዝቢ ንማሰሉ ንምድሃኽ፡ ንስርዓታት ኢትዮጵያ ዘይተኣደነ ወተሃደራዊ ደገፍ እናማጠዉ፡ መጠነ-ሰፊሕ ወረራት ኣካይዶም። ህዝቢ ኤርትራ ግን ምእንቲ ሕጋዊ ማሰሉ፡ በይኑ ኣንጻር ርእሰ ሓያላን ከምህ ከይበለ መኪቱ፡ ተዓዊቱ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ታሪኽ ማሰል ህዝብታት ብርቂ ታሪኽ ሰሪሑ። ህዝቢ ኤርትራ፡ በዚ ጅግንነታዊ ናይ መኸተ ታሪኽ ሓሊፉ፡ ብሓያል መኸተኡ መላእ መሬቱ ሓራ ድሕሪ ምውጽኡ እውን እንተኾነ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊን ማሰል ህዝብታትን ነቕ ዘይብል ፖለቲካዊ ባህሊን መትከልን ሰሪቱ እዩ። ድሕሪ'ቲ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝተጎናጸፎ ዓወት፡ ናጽነት ከእውጅ ሕጋዊ ማሰሉ እኳ እንተነበረ፡ ማሰል ናጽነቱን ልዑላውነቱን ብድምጺ ህዝቢ (ረፈረንዱም) ዕላዊ ብምግባር፡ ተወሳኺ ኣብነታውን ደሙቕን ታሪኽ ሰሪሑ።

### ዳግማይ መኸተ ድሕሪ ናጽነት

ድሕሪ ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኑታ ነዊሕ ተጓኒዙ ብጅግንነትን መስዋእትን ዝጨበጦ ሃገረ ሓርነትን ናጽነትን ኑቲ ወርሻ እትብቅዕ፡ ካብ ዕብለላን ዝምታን ጊልያነትን ሓራ ዝኾነት፡ ሓቀኛ ናጻን ልዑላዊትን ሰምርቲን ሃገር ክትከውን ንህንጻታ እጆንኡ ሰብሰቡ ተበገሰ። የግዳስ ካብ ተጻብኦ ኣየዕረፈን።

ናይ ታሪኽን ግዜን ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ልዑላውነቱን ዝተጎናጸፈሉ እዋን፡ “ዝሓሉል ኩናት” ዝኽተመሉ መድረኽ እዩ ኒዩሩ። በዚ ድማ ስርዓት “ሕብረት ሶቭየት” ተሳዒሩ ስለ ዝተባህለ፡ ናይ ሸው ምምሕዳራት ኣመሪካን ሰብ ኪዳናምን፡ “ተዓዊትና! እንኮ ቁጥባዊ ዓለም ክንዝገጽ ኢና” ናብ ዝበል ዓንዳሪ እምነት ክዘሉ ተራእዮም። በዚ ዘይክዉንነታዊ እምነት'ዚ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ልዕሊ 30 ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዓለም ዝተኸሰተ ቅልውላዋት፡ ዝርጉት ሃገራትን ኣህዛብን፡ ህልቂትን ዕንወትን ማእለያ የብሉን።

ኣብ ክሊ ናይዚ ዓንዳሪ እምነትን ፖሊሲታትን፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ካብ ቀሊዕ ወረር ጀሚርካ፡ ብዙሕ ግሁድን ስውርን ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ተጻብኦን ሸርሒታትን ክገጥም ተገዲዱ። ኣብዚ ዳግማይ ናይ ድሕሪ ናጽነት ነዊሕን ኣረብራብን መኸተ እውን እንተኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብወራርን ምትሓልን ምስይጣንን ታህዲዳትን ሸርሒታትን ከይተሰናበደን ከይተዓግተን፡ ንወለዶታት ብዘመስከሮ ጽንዓት፡ ኑቲ ምእንቲ ልዕልና ሕጊን ፍትሒን ዘየደ ቃልሲ ማሰሉ ዝሹልዕ ዘለዋዊ ታሪኽ ፈጺሙ።

### ዘመተ ባሕሪ - ከም መደንቆሪ ህዝብን መናውሒ ዕምሪ ስልጣንን

ሕጂ እውን እንተኾነ ተጻብኦታት ረብሪቡን ተዳኺሙን እምበር፡ መሊኡ ኣየኽተመን። መልክዑ ዝቐየረ ምህሙን ሃቐነታት ኣይተሳእነን።

ከምዝፍለጥ፡ ኣብ ዝሓለፈ 80 ዓመታት፡ ዓለማውያን ሓይልታት ዕብለላ፡ ከም ኣካል ናይቲ ‘ግሎባዊ ስትራተጂ’ ዝበልዎ ውንጢያ ብዕድል ህዝቢታት፣ ቀጻጸርም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ብዘላቕነት ንምውሓስ ክጥቀምሉ ካብ ዝጸንሑ ሸጣራታት ሓደ፡ ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ



ጽንብል ናጽነት 2023 ዝገለጹ “ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን እናናቖትካ፡ ኣብዚ ዞባዚ ዘይዓርፍ ኩናት ምስዋር እዩ።”

ዝ. ዕላማ'ዚ ከገልግል ተባሂሉ ካብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን ጀሚሩ ዝተሃንደሰ ብኣእምሮ ሰቡት ዘላግጽ ዝሕቡዕ ምጉት ኣሎ። “ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ የድልያ'ዩ” ዝበል ንማስፍናዊ ጥሙሕን ሕማም ምስፍሕፋሕን ገዛኢቲ ኢትዮጵያ ዝመዝመዘ ድርሳን። ብስልጡን ኣመለኻኽታ እዚ ጉዳይ'ዚ ዘዘርብ ኣይኮነን። ኩለን ሃገራት ግድን ኣፍደገ ባሕሪ የድልየን'ዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ቁጠባውን ንግዳውን ንጥፈት ሃገራት ዓለም ዝተወሳሰበ ስለዝኾነ፡ ሃገራት ብዘይ ኣፍደገ ባሕሪ ክነብራ ኣይክእላን እየን። ‘ኣፍደገ ባሕሪ የድልየና’ ኢሉ ዝዋግር ወጻእተኛ ኣማኻሪ እውን ዘድልዮ ኣይኮነን። ባህርያዊ ጠለብ ናይ ኩሎም ሃገራትን ህዝብታትን'ዩ።

እዚ ይኹን'ምበር ጂኦግራፍያዊ ኣደኳኽና ሃገራት ዝፈጠሮ ክውንነት ኣሎ። ኩለን ሃገራት ኣብ ገምገም ባሕሪ ክደኩና ኣይክእላን እየን። ገለ ኣብ ገምገም ባሕሪ ገለ ድማ ኣብ ማእከል እንተተደኩና መርገም ወይ ምርቓ ኣይኮነን። ብሰፊሕ ኣእምሮ፡ እተን ምስ ባሕሪ ዘይራኸባ ሃገራት ምስተን ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝተደኩና ሃገራት ልዑል ቁጠባዊ ምትእስሳር ፈጢረን ጸጋታተን ብምምልላእ፡ ዝያዳ ደረብሓን ይምዕብላን እምበር ዝኩድኣሉ ምኽንያት የለን። ኣብ ዓለም 44 ሃገራት ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ክኾና እንከለዋ፡ ኣብ ኤውሮጳ ጥራይ፡ ልዕሊ ደርዘን ሃገራት ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል'ዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ድማ 16 ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ኣለዋ።

ዝ. ሓቂ'ዚ ኣእምሮ ዘለዎ ኩሉ ይርድኦ እዩ። የግዳስ እቲ ዕላማ፡ ኣብ መንግስታት ኢትዮጵያ ኣንምጻዊ ሕልሚ ፈጢርካ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ኣእምሮ ዘይብሉ መጋበርያ ወሲድካ፡ ሸቀልቲ ረብሓታት ግዳማውያን ሓይልታት ከም ዝኾኑ ምግባር'ዩ። ጠንቂ ውድቀት ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ክኸውን ካብ ዝጸንሐ ረቛሒታት እቲ ዝዓበየ ከኣ፡ እዚ ኢትዮጵያ ኣገልጋሊት ረብሓ ግዳማውያን ሓይልታት ንኽትከውን ብፍላጥ ዝተኸሰኩሱ ታሪኻዊ ማሰረት ዘይብሉ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕማም'ዩ።

ኣብ 1952 ጆን ፎስተር ዳላሱ፡ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግብኦ እኳ እንተነበረ፡ ‘ንስትራተጂያዊ ረብሓ ኣመሪካን ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን’ ከምኡ'ውን ‘መሓዙና ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ምእንቲ ክትረክብ፡ ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቁረን ተወሲኑ’ ክብል፡ ብማሰል ህዝቢታት ቀዪዐ።

እዚ ዘይቅኑዕ ውሳኔ'ዚ፡ ንህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣይጠቐመን፤ ሰላምን ጸጥታን ኣየምጽኣን፤ ንኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ኣየውሓሰላን። ገዛኢቲ ኢትዮጵያ፡ መጋበርያ ናይዚ ግሎባዊ ስትራተጂ'ዚ ብምዃኖም ብፈጠራዊ ታሪኽ ህዝቢ እናጋገዩ ናጽነት ኤርትራ ምስ ምብታኽ ክሳድ ኢትዮጵያ እናጸጸሩ፡ ብኣጉል ሰግኣት ህዝቢ እናረሳስዑ ብሁብዚን ህይወትን ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ገጢሞም ክሳብ ዝውዳእ ተቓሚሮም። መጨረሽታኡ፡ ኩናት ኤርትራ ብዘሕደረሎም ስለሙ በብተራ ናብ ውድቀት ኣቐኒዮም።

### ዘንተ እሉት ዝታለል ህዝቢ የለን

ህዝቢ ኢትዮጵያ ግዳይ ናይዚ ግሎባዊ ስትራተጂ'ዚን ኣገልገልቲ ስርዓታትን ብምዃን ከቢድን ዘይግባእን ዋጋ ከፊሉ። የግዳስ መዋእሉ እናተዓሸወ ዝነብር ህዝቢ ስለዘየሎ፡ ኣብ መወዳእታ ኑቲ ሸጣራ ክስቕሓሉ ባህርያዊ እዩ። ሎሚ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብባሕሪ ኣተሃራሪፈ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከናቖቶ ይኽእል'የ ኢልካ ምሕሳም በሃምት ጥራይ'ዩ።

ኣብ 2018፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ምኽታመን እቲ ንህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን 80 ዓመታት ዘናቖተን ዘድምየን ጸወታ ብፍሽለት ምብቃዑን ንቕሓት ህዝቢታት ምብራኹን ዝኣመተ ምዕባለ'ዩ ኒዩሩ። ዝፈጠሮ ሩፍታን እፎይታን ድማ ኣይርሳዕን። የግዳስ ዘራእቲ ዕግርግር ሸው እውን ኣይቀሰኑን። ብዋጋ ህዝቢ ትግራይ፡ ተወሳኺ ዘሰገድግድ ገበን ፈጺሞም፡ ምህርቱ ድሙ፡ ዝኸፍአ መቕዘፍትን ዕንወትን ኮይኑ፣ ጸወታኡም፡ ከም ኩሉ ዝሓለፈ ሃቐነታት ኣይሰርሐን።

ኣብ ዞባና ቀርኒ ኣፍሪቃ ግጉይ ግሎባዊ ስትራተጂ፡ እምነት ኣብ ሓይልታት ግዳም፡ ጸወጸዋያዊ ታሪኽ፡ ሕማም ምስፍሕፋሕ፡ ህርፋን ባሕሪ፡ ዘይናትካ ምቕማዕ፡ ብዘይካ ዕንወትን ህልቂትን፡ ረብሓ ኣየጽዓያን። ካብዚ መሪር ተሞኩሮ'ዚ ህዝቢታት ዞባና ዝቐሰምዎ ምህሮ ግዳ ንሓዋሩ ዓቢ መኸሰብ እዩ። ሎሚ ንቕሓት ህዝቢታት ኣብ ዝበረኸሉ፡ እዚ ቀደም ሓመድ ተደቢዩ ተዘኺሩ ዝተበልዐ ሸጣራ'ዚ ከተልዓዕል ምፍታን ‘ዓሚ ዝሞተ ምራኽ ፈትኑ’ ዝዓይነቱ ከንቱነት እዩ። እንተኾነ ዝጠፈሸ ኒጋዲይ ናይ ቀደም መጥቡብዑ ስለዘየገጽል፡ ኮን ድኾን መጋበርያ እንተተረኺቡ ዚ ብሉይ ድርሳን ናይ ምቕስቃስ ናይ ዓቕሊ ጸቢት ፈተነታት ኣይተሳእነን።

ከምዝፍለጥ ናይ መወዳእታ ዕላማ ናይቲ ብባሕቲ መስከረም ዝፈለመ ሓርነታዊ ሰውራና፡ ህዝቢ ኤርትራ ማዕረ'ቲ ንናጽነቱ ዘየደ ጽኑዕ ገድሊን ዝኸፈሎ ክቡር መስዋእትን ተሓቢኑ፡ ብራህዋን ፍትሒን ዝዕበረላ ስልጥንቲ ሃገር ምህናጽ እዩ። ከንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ማዕርነትን ሰናትን ዝተመስረተት ሓያልን ዘይትድፈርን ሃገር ንምህናጽ፡ ሕጂ እውን ኑቲ ዘሎ ብሩን ሕልምታትን ምህሙን ሃቐነታትን ማዕረ ታሪኽና ኳንና ብምምካቱን ብምስዩሩን ቀጻልነት ዘለዎ ታሪኽና ከረጋግጽ፡ ብሃናጺ ጽምዶ ህዝቢታት፡ ንዞባና ካብ ዞባ ግጭትን ኩናትን ናብ ዞባ ምትሕብባርን ምምልላእን ክንቅይር መድረኻዊ ተልእኾና እዩ። ክብሪ ኑቲ ብባሕቲ መስከረም ጀሚሩ 65 ዓመታት፡ ወትሩ እናሰዓረ ብዓወት ዝመረሸ ዘለዋዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:05 | ሙዚቃዊ ድራማ ምድር ሃትር (ትግረ) |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜናስፖርት |
| 12:55 | መሬትን ማይ ኣከባቢ |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ብኣጋጣሚ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ስነ ጥበባዊ መሳናድኦ ዝሓዘ ‘ዩ። |
| 15:45 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራትኣብስትድዮ (ድግማ) |
| 18:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 19:00 | ባህላዊ መደብ ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳዘማም |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ተዘክሮታት "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ"

ኣቶ ተኪአ ተስፋይ፡ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ክልተ ቅጽታት ዛንታ ህይወቱ ኣሕቲሙ'ሎ። ሳልሳይ ድማ ክስዕብ'ዩ። ስለዚ፡ ኣብዚ ሰለስተ ክፋላት ዛንታ ህይወቱ ንተኪአ ተስፋይ ከም ሰብን ከም ሞያተኛን ንኽንፈልጦን ካብ ኣሰር ጉዕዞኡ ንኽንመሃርን ክንዝክሮ ኢና።


እታ ቀዳመይቲ ክፋል፡ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ - ዓቕበት ቊልዕነትን ኰትትናን" እትብል ኮይና፡ እዛ ካልኣይቲ ድማ፡ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ - ኣራእር ንእሰነትን በጽሕነትን" እትብል እያ። እዘን ክልተ መጻሕፍቲ፡ ንደቂቕ ዝርዝራት ጉዕዞ ህይወት ደራሲ ዝገልጻ ብተዋቡበን ሃብቲ ቋንቋ ብዘንጸባርቕ ጥበበን ዝዘዘንተዋ እየን።

ስለምንታይ ጉዕዞ ህይወቱ ኣብ ጽሑፍ ከሰፍሮ ደልዩ ክገልጽ እንከሎ ኣቶ ተኪኡ ኣብ መእተዊ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ኢሉዎ ከም ዘሎ፡ "ዚ ብጽሑፍ ከሰፍር ዝደረኸኒ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ብዙሓ ገዚእ ርእሰኻ ምጽሓፍ ከም ነውሪ ወይ ጃህራ ስለ ዝርአ፡ ብፍላይ እቶም ከጽሕፉ ዝኽእሉ ዘለዉ'ውን ኣያታትና ወይ ዓቕሚ ዝለበርዎም ኣቦታትና፡ ብዙሓ እቲ ዘሕለፍዎ ናብራ ምስ ገድሊ፡ ፖለቲካ ወይ ጅግንነትን ቅያን ማእሰርትን ዘይተተሓሓዘ ምስ ዚኸውን፡ 'ዚ ደኣ እንታይ ብጽሑፍ ከሰፍረሉ' ብዝብል ዓሻ ኒሕ፡ ብዙሓ እቲ ተራ ዚመስል ግና ኣዝዩ ኣገዳሲ ዕለታዊ ህይወቶም ኣብ ወረቐት ኣሰፊሮም ዝገደፉልና ትውፊት ዳርጋ የለን እንተ በልኩ ኣየጋንንኩን" ብምባል ይገልጽ።

ተኪአ ተስፋይ ኣቓዲሙ ኣብ ስነጽሑፍ ሃገርና፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ዕዮ ትርጉምን ምድላው መዝገበ-ቓላትን ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ'ዩ። በዚ ከይተዓገተ፡ ኣብ 80ታት ዕድመኡ ዛንታ ህይወቱ ክጽሕፍ ዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶ ነቲ ኣብ ስነጽሑፍ ዘሎዎ ክብሪ ብዮሓብሪ ዝድርዕ'ዩ። ዕድመ ከይዓገቶ፡ መላእ ግዜኡ፡ ሓይሉን ሓሳቡን ኣብ ስነጽሑፍ ብምትኳር፡ ንመጻኢ ሓወልቲ ደሰርሕን የንጸፍን ምህላዉ ዘርኢ እዩ። እዘን መጻሕፍቲ ተላበጡ፡ ማእከል ምስትምቓር ክኾና ዘኽእለን ሓይሊ ኣለወን። እንታይ ከዘንብብ ከም ዘሎና ዝምልሳ ድማ'የን።

ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ኣደራሽ ሲነማ ሮማ መመረቕታ ናይዛ ካልኣይቲ ቅጺ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብኡ ብዛዕባ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ገለ ክብል ዕድል ረኺበ ነይረ፡ ጽማቝ ናይቲ ዝበልክዎ፡ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ፡

ብዛዕባ ተኪአ ተስፋይዶ ክዛረብ ብዛዕባ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ተማዂሐ፡ ብዛዕባ ደራሲ ብምዝራብ፡ ብዛዕባ ስራሑ ክትዛረብ ትኽእል፣ ብዛዕባ ስራሑ ተዛሪብካ ከኣ ብዛዕባ ደራሲ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፡ ብዛዕባ ክልቲኦም እንተ ተዛሪበ'ውን ኣየጸግምን። ኣብታ ቀዳመይቲ መጽሓፍ፡ ንወህሉል ኣበርክቶ ተኪአ ተስፋይ ክቡር "ሽልማት ሕድሪ" ክኸሀብ እንከሎና፡ እዛ መጽሓፍ'ዚኣን ብድሕሪኣ እትስዕብ ሳልሰይቲ ክፋልን ከም ዘርክበን እቲ ወህሉል ተመኩሮ ከም ዝወሰኽን ንፈልጥ ነይርና ኢና። ከም ኣሕተምቲ መጠን፡ ተኪአ ተስፋይ ዓቢ ጸጋና'ዩ። መጻሕፍቱ ድማ ብዓይነትን ብብዝሒን ኣብ ስነ-ጽሑፍና ምርኡይ ቦታ ኣለዎ።




ስለምንታይ እዮም ጸሓፍቲ ዝጽሕፉ ዝብል ኣርእስቲ ብዙሕ እዋን ይለዓል'ዩ። ጋዜጠኛታት ድማ ነዚ ሕቶ'ዚ ብቐጻሊ ንምኩራትን ብሉጻትን ጸሓፍቲ እንሓቶ'ዩ። እንግሊዛዊ ጆርጅ ኦርወል፡ ኣብታ "ስለምንታይ እጽሕፍ" (WHY I WRITE) እትብል ንእሽቶ መጽሓፉ፡ ኣርባዕተ ዓበይቲ ደረኽቲ ጭቃታት፡ ንኹሎም ዓይነታት ምጽሓፍ ኣለዉ ይብል። ብዘተፈላለየ ደረጃን ዓቐንን ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ኩሎም ጸሓፍቲ ከም ዘርከቡ ድማ ይገልጽ። ብዮዚን ቦታን እቲ ዓቐን ይፈላለ ይኾውን ደኣ'ምበር፡ ኣብ ኩሉ ጸሓፊን ጸሓፍትን ድማ ኣይስኣኑን። ንሳቶም ከምዚ ዝስዕቡ እዮም፡

1. **ፍጹም ኣንነት** (Sheer egoism) - ንፉዕ ኳንካ ክትቀርብ ምድላይ፣ ክዝረበልካ ምብሆግ፣ ድሕሪ ሞት ክትዝከር ምድላይ፣... ዝብል ሓፈሻዊ ትሕዝቶ የቕርብ። በዚ መዳይ እንክርኢዮ፡ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ዝሓለፈ ብደቂቕ ክትዋግር ብምህቃና፡ ደራሲኣ እቲ ዝሓለፎ ትርጉም ከም ዝለበሮን ክሳዕ መጻኢ ክዝከር ከም ዝዋግኣን ኣሚኑ'ዩ ጽሒፋዋ፣ ብምቕሉል ኣቀራርባ ዝተጎደቀ "እዚን ከምዝን ኢና ሓሊፍና፡ ከምዚ ገይርና" ዝብል ምቕሉልን ትሕትና ዝመልኦት ኣንነት ድማ ኣሎዋ። እዚ ግድንት'ዩ።

ከም'ኡ እንተ ዘይኮይኑ፡ እቶም ውልቀ-ዛንታ ዝገልጹ መጻሕፍቲ ትርጉም ኣይምሃለዎምን። ዝንገር ዘይብሉ ክጽሕፍ ስለ ዘይግባእ ድማ፡ ከምዝን ከምትን ነይርናን ሓሊፍናን ዝብል ሱብ እዩ ክጽሕፍ ዘሎዎ።

2. **ስነ-ጽባቐኣዊ ህንጥይና** (Aesthetic enthusiasm) - ብጥበባዊ ኣገባብን ልዑል ኣመራርጻ ቃላትን ዝሓለፈ ኣገዳሲ ተመክሮ ከተፍል ምድላይን ተረሰዑ ንኸይተርፍ ብጥበብ ምዝንታውን... "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ብስነጽባቐ ዝተጎድቀት'ያ። ጽባቐ ደፍደፍ ክኣ ምባልኩዋ። ኣመራርጻ ቃላት ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብኡ ቀጺሉ ግርማ ጽሑፍ ዝኾነ ሰዋስዋዊ ኣኑዳድቓን መሰሪታት ዝፈጥር ኣተሃናንጻ ምሉኣት ሓሳባትን ሐዛ ብምቕራብ ጽባቐኣ ቀሊዓ'ላ። ደፍደፍ ትሕዝቶ ስለ ዘሎዋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጽባቐ ኣቀራርባኣን ስነ-ጽባቐኣዊ ኣዘናትዋኣን ምኽንያት መጽሓፊኣ እዩ እብል። ተኪአ ኣብ ቋንቋ ዘሎዎ ምልከት እትውክል ብርቂ ስራሕ እያ። እቶም ኣቕሪቡዎም ዘሎ ዝርዝራት፡ ብውሕሉል ኣገባብ ብዝተጎድቁ ቃላት ስለ ዝሰኑ ድማ ንሃብቲ ጽባቐኣ ዝኸሰልዕ እዩ።

3. **ታሪኻዊ ድፍኢት** (Historical impulse) - ዝሓለፈ ብምዝካርን ምስናድን ከም ታሪኻዊ ፍጻመ ምምዝጋብ። "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ንሕሉፍ ትጣበቐሉ፡ ትደናገጸሉ፡ ከም ዝበረ ክትምስክረሉ ብደቂቕ ዝርዝራት ነዩርካ እያ እትብሎ። ኣብቲ ዘይነበርናዮ ከም እትኣብር ዝኣብር፡ ካብ ደቂቕ ውልቃዊ፡ ስድራ-ቤታዊ ተጻዝፎታት እናለዓለ ዝኸይድን ክሳዕ ጥርዚ ፍጻመታት ታሪኽ እውን ዝዋገርን ዝንገር ዛንታ ኣሎዋ።... ስለዚ፡ ታሪኻዊ ድርኺት እውን ኣሎዋ'ዩ። ንድሕሪት ተመሊሶም ክጽንዑ ንዝደልዩ ሃብታም መወከሲት እያ።

4. **ፖለቲካዊ ዕላማ** (Political purpose) — ዝኾነ ጽሑፍ ፖለቲካዊ መልእኽትን ትሕዝቶን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ናይ መፍረ-ደርሆ መጽሓፍሲ፡ ፖለቲካ መፍረ ደርሆ፡ ሕማም ደርሆ... ኣሎዎ። ፖለቲካ፡ ካብ መዓልታዊ ህይወትና ዘይንጸል ንጥፈት'ዩ - ኣብ ባዚ ኣሎ፡ ኣብ ሻሂ'ሎ። ስለዚ፡ ከምቲ ፖለቲካ ህያው ታሪኽ'ዩ ዝበሃል፡ መጻሕፍቲ ድማ ዝበረ ፖለቲካ ዝገልጹሉ ኣገባብ ብዙሕ'ዩ። "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ፖለቲካን ፖለቲከኛታትን ከይጠቐሰት እትትርኾ ታሪኻዊ ጉዕዞ ክህሉ ድማ ኣይክኣልን - ኩሉ ግዜ ኣብ ባይታ ስለ ዝበረን ዘሎን። እቲ ናይ ትማሊ ፖለቲካ ሎሚ ታሪኽ ኮይኑ እዩ ዝቐርብ። ስለዚ፡ ኣብቲ ጉዕዞ ዝበረ ፖለቲካዊ ህይወት'ውን ትዋግር'ያ። ጆርጅ ኦርወል ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ ኣገዳሲት ጥቕሲ የቕርብ፡ "እቲ ስነ-ጥበብ ምስ ፖለቲካ ዝራኸብ ወላ ሓንቲ የብሉን ዝብል መረዳእታ ንባዕሉ ፖለቲካዊ መረዳእታ እዩ" (the opinion that art should have nothing to do with politics is itself a political attitude) ይብል። ሓቂ'ዩ። ኣብ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ተኪአ ተስፋይ፡ እታ ናተይ ዝበላ ዝበረ ኢትዮጵያ፡ ብኸመይ "ኢደናተይን ኢኻ!" ኢላ ከም ዝጸገቶ ዘርኢ ብዙሕ ኣሎዋ።


ስለምንታይ ኣቶ ተኪአ ተስፋይ ከም ዝጽሕፍ እዝጋብኣር፡ መጻሕፍቱ ብምንባብ ክንርድኦ ንኽእል ኢና። ካብ ተርጓሚ ናብ መዝገበ-ቃላተኛ፡ ካብ መዝገበ-ቃላተኛ ድማ ናብ ጸሓፊ ዛንታ ህይወት ሰጊሩ'ሎ። ሓደ እዋን ኣብ ገዛኡ ዝተንጠልጠላ ቅብኣታት'ውን ርእየሉ ነይረ። ባዕሉ ዝቐብአን እየን። እዛም ሱበኣይ ብዙሕ መዳያት ስነ-ጥበብ ከም ዝመልኩን ዝሸፍኑን ተረዲኡ። ግጥሚኸ ይፍትኑዶ ይኾኑ ካብ ምባል ከኣ ዓዲ ኣይወዓልኩን። ሓደ እዋን ኣብ መመረቕታ፡ "እቲ ኮንተ ናይ ሞንተ-ክሪስቶ" እትብል ናይ ትርጉም ዕዮኡ ኣብ ዘዕለልናሉ፡ "ብዛዕባኻ ገለ ክንብል ደሊና'ሞ እሺ ገለ በሉና" ዝብል ልሙድ ሕቶ ምስ ኣቕረብኩሉ፡ እናተዋዘየ፡ "'ወኪ-ደባ ተጠኺሹ ኣስመራ ተሓሪሹ ደየ ክብል ደሊ'ኺ!' ኢሉኒ ነይሩ። ስለዚ ወላ ብ"ሽሽ" ይወድእ ናይ ግጥሚ ዝንባለ ኣይሰኣናምን'ዩ እብል ኣለኹ። ዝቐጽል ካብዞም ሰማንያታት ረጊጾም ዘለዉ ኣቶ ተኪአ መጽሓፍ ግጥሚ ክዝጽብ ኢና ማለት'ዩ። እዋዘየ ዘለኹ። ድሕሪቲ መመረቕታ ብዛዕባ ግጥሚ ምስ ሓተትክዎ፡ ፈጺሙ ግጥሚ ዝበሃል ከም ዘይፍትን ነጊሩኒ፡ "ግጥምስ ፈጺሙ ኣይብርሃንንን'ዩ፡ ኣይክእሎን'ዩ" ከም ዝበሎ፡ ንእግረ መንገድና፡ ንግጥሚ ክንጣበቐሉ።


ምስ ኣቶ ተኪአ ተደጋጋሚ ቃለ-መጠይቕ ኣካይደ ኣለኹ። እታ ህቡብቲ፡ "ስለምንታይ ትጽሕፍ፣ ስለምንታይ ትትርጉም፣ ስለምንታይ መዝገበ-ቓላት ተዳሉ፣ ስለምንታይ ታሪኽ ህይወትካ ትጽሕፍ" ብምባል ድማ ሓቲተዮ ነይረ። እቲ ጽልዋ ካብ ቀ'ልዕነት ዝበጸሰ'ዩ፡


"ብዙሕ ምኽንያት ክህልወኒ ይኽእል'ዩ። ግን ሓደ ካብቲ ንኽትርጉም ዝደፋፍኣኒ ኣተዓባብያይ ኣብ ገዛ ከረሻ'ዩ። ኣብ ገዛ ከረሻ ተመሃራይ እንከለኹ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ከም ዝኸደስ ኮይኑ፣ ናይ ብጹል ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም መጽሓፍ "ፈደል ንጀመርቲ" ዝብል ብዙሕ'ዩ ጸልዩና። መጽሓፍ ቅዱስ'ውን ብዘይካ'ቲ ሃይማኖታዊ ትሕዝቶኡ፡ ቋንቋኡ ኣዝዩ ሃብታምን ዝተፈልየን'ዩ።... ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለኹ፡ ነቲ ስነ-ፍልጠት፡ ስነ-ህይወት ኣጸቢቑ ንኽርድኦ ክትርገሞ ጀሚረ። ብጹል መምህር መሳ ኣሮን እውን - ሮቢንሶን ክሩሶ ምትርጓሞም - ካብዮም ንኽጽሕፍ ዝደረኸኒ'ዩ" ብምባል ገሊጹለይ ነይሩ። ስለዚ፡ ምስቶን ናይ ኦርወል ኣርባዕተ ነጥቢታት ድርኺት፡ ብኻልኦት ሰባት ተጸሊኻን ነቲ ዝለዎ ንምምላእን ከም ሓደ ምኽንያት ንምጽሓፍ ይኸውን'ዩ ክንወስኽ ንኽእል ኢና።

ኣቶ ተኪአ ኣብ መጽሓፍ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ - ኣራእር ንእሰነትን በጽሕነትን" ብብዙሕ ነገር ሕሹኽ ይብለካ'ዩ። ንተኪአ ከም ባሕረኛ ቀረጸዮ ስለ ዘይፈልጥ፡ ማይ ዘይጠዓመ ትሕዝቶኣ ካብቲ ከም ዝፈትዋን እናተገረምኩ ከም ዘንበብክን ዝበረ'ዩ። ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ንኽኣቱ ዝተጓዕዞን ዝሓለፎ ከርተትን ዝኸፈሎ ዋጋን... ደሓር ባሕረኛ ኮይኑ ፈቓዶ ወደባት ክገዓዘን ትዕዝብቲታቱ ብቓላትን ብኣሳእልን ከተፍልን ምስ ረኣኹን ምስ ኣንበብኩን፡ ተኪአ ተስፋይ፡ ዝንገር ስለ ዘሎዎ'ዩ ጽሒፉ ኣብ ዝብል መደምደምታ በጺሐ።

ዝጠዝለ ክፋል ናይዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ኣገዳሲ ጉዕዞ ባሕሪ'ዩ ዘዘንቱ። ንፉዕ ኣዘንታዊ ስለ ዝረኸበ ድማ ምስቲ ጉዕዞ ዘጻዕዝዝ ኣቀራርባ ኣሎዎ። ኩሉ ሰብ ዝጸሓፍ ታሪኽ ኣሎዎ፣ ኩሉ ሰብ ግን ታሪኹ ክጽሕፍ ኣይክእልን'ዩ ዝበሃል፡ ኣጉሊሑ ዘርኢ፡ ንኻልኦት መወከስን መምሃርን ዝኸውን መጽሓፍ ድማ'ዩ። ስለዚ፡ ንድሕሪት ተመሊሶም ፊልም፡ ዛንታ፡ ግጥሚ፡ ታሪኽ... ክጽሕፉ ንዝደልዩ "ካብ ጎርፌ ተዘክሮ" ጽቡቕ መወከሲ ክረኽብላ ይኽእሉ'ዮም። ንብዙሓት ቃላት ትግርኛ ካብ ከብሒታት ዝጊፉ ህይወት ስለ ዘርኣሎም ድማ፡ ነቲ ቋንቋ ዓቢ ውዕለት'ዩ። ተስፋ እጉብር ተባቢጠን ክስተማቐራን ወኒ ክቕሰቕሳን። እቶም ዝነበቡ ስኢንና እናበልና ካብ ምንባብ እንዝደም ድማ እንሆ በርኽቱ።





ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ማግነታዊ ስሕበት ኤርትራውያን

ስምኦን ወልደሚካኤል

ሓንቲ ካብ ሰማይ ጥብ ዝበለት ማይ፡ ንበይና ክትፈጥሮ እትኽእል ውሕጅ ወይ ጠሊ የለን። እዛ ጥብ ዝበለት ማይ እዚኣ ብኻልኦት ነጠብጣብ እንተ ዘይተሳዒባ፡ ከም ዘይነጠበት ብቕልጡፍ'ያ እትነቅጽ። መሳኹቲ ሰማይ ተኸፊቱ ዘርጠብጠብ እንተ ኢሉ ግና፡ ነጠብጣባት ተደማሚሩ ሩባ መሊኡ ውሕጅ ካብኡ ሓሊፉ ፈለግ ይኸውን፣ መሬት ይጠልል፡ ቀላያት ይመልኡ፡ ኮታ ኩሉ ጽቡቕን ጠጥዕን ይኸውን። ሰብኣዊ ፍጡር እውን ልክዕ ከምዚ እዩ። ደቂ ሰባት ብተናጸል ዘሳልጥዎ ዓቢ ስራሕ የለን። ደቂ ሰብ ንተፈጥሮ መሊኾም ኣብ ልዕሊ ዓለምን ኣብኣ ዘሎ ፍጥረትን ክነግሱ ካብ ዘኽኣሎም ጥበብ ምትሕብባር እዩ። ድሕሪ ኩሉ ሰብኣዊ ዓወት ጥበብ ምትሕብባር ኣሎ።

ዓመታዊ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ኤርትራውያን ክእከቡ እንክለዉ ከም ዝጽብቑን ዝደምቁን ንዓለም ዘርእይሉ ዓቢ መድረኽ እዩ። ከካብ ዝነብርሉ ቋንቋኦም፡ ባህሎም፡ ዛንታኦም፡ ያታኦም፡ ትልሂቶም፡ ህርመት ሙዚቃኦም፡ ወግዖም፡ ስልማቶም፡ መከላኸሊ ኣጽዋሮም፡ ሕብሪ ቀርበቶም፡ ባህላዊ ኣልባሳቶም፡ መግቦምን መስተኦምን ወዘተ ሒዞም ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ሻሕ ምስ በሉን ምስ ተዳወሱን ወዛም ምስሊ ኤርትራዊ ገጽ ይርአ። ሃገራዊ ፈስቲቫል ማሕበራዊ ስኒት፡ ሃገራዊ ሓድነት፡ ምርድዳእ ወለዶታትን ባህላዊ ኩርዓትን ኤርትራውያን ብግሩህ መልክዑ ዝረኣየሉ ማእከል እዩ። ኩሎም ኤርትራውያን ዘሰሓብሉ ማእከል ብምዃኑ ንኤርትራውያን ዘስሕብ ማግነታዊ ሓይሊ ኣለዎ። ፈስቲቫልና፡ ሰባት ብባህርና ንበይንና ክንጓዓዝ ዘይኮነስ ንሓድሕድና ክንሰሓሓብን ክንወሃሃድን፡ ተኣኪብና ክንደምቕ ከምኡ እውን ብሓባራዊ ውህደት ክንጽብቕ ዝተፈጠርና ፍጡራት ምዃንና ዘረጋግጽ ረቂቕ ምህሮ እዩ።

ሃገራዊ ፈስቲቫል ንኤርትራውያን ተራ ናይ ምርኻብን ምርኢትን መድረኽ ኣይኮነን። እቲ ብሩህ ፍሽኽታኦም ምስ ውቁብ ባህላዊ ክዳውንቶም፡ ሓባራዊ ዛንታኦም፡ ያታዊ ወግዕን ቅሙም ዜማታትን ሳዕስዒትን ተወሃሂዱ ሓደ ህያው ስእሊ ኤርትራውነት ዝፈጥሩሉ ዓቢ ናይ ውህደት ማእከል እዩ። ባህላዊ ሃብቲ ሃገርና ብዝግባእ ኣብ መዓላ እንተ ኣውዒልናዮ ካብቶም ዝበለጹ መሳርሒ ህንጸት ሃገር እዩ። እዞም ዝተፈላለዩ ባህልታት ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ክራኸቡ እንክለዉ ንሓድነትና መሊሱ ዘስጥም ተወሳኺ ማሕበራዊ ማጣበቒ እዩ ዝኸውን። ሓድነት ጽዑቕ ናብዮት ዘጠልብ ጸጋ'ዩ። ሓድነት ከም ተኽሊ ክትምሰል ትኽእል'ያ። ፍረን ጽላልን ክትህብ ኮስኳስ፡ ምጽልጻል (ምቕምቃም)፡ ማይን ድኹዕን፡ ጸረ ባልዕ፡ መከላኸሊ ሓጹር የድልያ።

እቲ ናብ ናይ ሓባር ሃገራዊ ባህሊ ገጹ ዘውጥጥ ማግነት ነቲ ንቡር ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ደረጃ ወሲኹ ክብ የብሎ። ንዜጋታት ሓንቲ ሃገር ብመንፈስን ዕላማን ኣተኣሳሲሩ ንምትእኽኻቦም ናብ ሓደ ዓቢ ሓይሊ ይቕይሮ። ኣብ ምዕራባዊ ፍልስፍና፡ ውልቀሰብ ማእከል ኩሉ ነገር'ዩ። ሕብረተሰብ ኤርትራ ንሓባራዊ ህይወት ልዑል ግምት ዝህብ ፍስልስፍና'ዩ ዝኽተል። ውልቀሰብ፡ ንበይኑ ክነብር እንክሎ ምሉእ ጽባቐኡ ከርኢ፡ ድሕነቱ ከውሕስ፡ ዓቕሙ ከኣ ክብርብር ኣይክእልን እዩ። ሰባት ከም ማግነትን ሓጺንን ንሓድሕዶም ናይ ምስሕሓብ ክእለት ኣለዎም። ኤርትራውያን ውሽጣዊ ጽባቐኦም ብዝበለጸ ዝግሃድ፡ ሓይሎም ዝበርኽት፡ ታሪኽ ንምስራሕ ዘኽእሎም ጉልበት ዝረኽቡን ኣብ ሕብረት ሓድሕዶም ምዃኑ ካብ ታሪኾም ዝተመኩርዎ ምህሮ'ዩ። ሓባራዊ ሂወት ኤርትራውያን ኣብቲ "ኣነ፡ ኣነ ክኸውን ዝኸኣልኩ ብህላወ እቶም ካልኦት ሰባት እዩ" ዝብል ዓሚቕ ፍልስፍና ዝተሰረተ እዩ።

ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ መዓልቲ ናጽነትን መዓልቲ ሰማእታትን ኤርትራውያን ህጻናት፡ መንእሰያትን ዓበይትን ናብ ሓደ ዓቢ ሃገራዊ ውሕጅ ተጸንቢሮም ብሓባር ዘውሕዝሉ መድረኻት እዮም። እዚ እካበ'ዚ ብኣካል ኣብ ሓደ ቦታ ምህላው ጥራይ ዘይኮነስ ብሓሳብን መንፈስን እውን ዘጠቓልል'ዩ። ኣብ ፕሮጀክት ህንጸት ሃገር ብዙሕ ስራሕ ዝዓመመ ህዝቢ ኣብ እዋን ሓዘንን ሓጎስን ተመሳሳሊ ስምዒት'ዩ ዝካፈል። ስኒት ብቐንዱ ውጽኢት ናይ ልቢ፡ መንፈስን ዕላማን ውህደት እዩ። ህጻናት፡ መንእሰያትን ዓበይትን ኣብ ሓደ ቀጽሪ ተኣኪቦም ዘርእይዎ ስኒት ከም ሓደ ብጥበባዊ መገዲ ዝተቓነየ ክራር እዩ መሲሉ ዝርአ። እቲ ያታን ዛንታን ተሓናጊሩ ናይ ሓባር ይኸውን፣ እቲ ሕብርታት ተሓዋዊሱ ውሁድ ትርኢት ይፈጥር፣ እቲ ዜማታት ተደባሊቑ መሊሱ ጸቢቑ ፍጹም ውህደት ፈጢሩ ብሓጎስ የሰራስር። ዞባታት ነናተን ትሕዝቶ ከቕርባ'ኳ እንተ መጽኣ እቲ ኣብ ባይታ ዝኾነ ግን ሓደ ነቲ ሓደ ንምድማቕ'ዩ ዝተሓባበር። ልክዕ ከምቲ ዝተፈላለዩ ናይ ሙዚቃ መሳርሒታት በበይኑ ድምጺ እናውጽኡ ብጥበብን ውህደትን ምስ ተላገቡ ግን ሓደ ዘደንቕ ዜማ ዝፈጥሩ እቲ ብዙሕነት ብሓድነት ምስ ተጠምረ መህነን ጽባቐ ፈጢሩ ተራእዩ።

ኤርትራውያን መንእሰያት ብባህልን ያታን ሕብረተሰቦም ተሰሊሞም ንጥንቲ ምስ ሎሚ ከራኽቡ ከም ድልድል ተዘርጊሖም ቀንዮም። መላግቦ ወለዶታት ንምዃን ከም ዝከኣልዎ ኣርእዮምና። ኣብ ትሕቲ ናይ ሓባር ታሪኽን ባህልን ኣጽሊሎም፡ ኣብ ሎሚ ተረዳዲኦም፡ ንመጻኢ ከኣ ብተስፋን ትዕግስትን ዝጽበዩ መንእሰያት ዘለዉዎ ሕብረተሰብ በዓል ጸጋ'ዩ። ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ መንእሰያትና ክእከቡ እንክለዉ ዘውቅቡን ዝልብሙን ምዃኖም ኣጉሊሑ ዘርኢ ሃገራዊ መድረኽ'ዩ። እቲ መልክዕን ልቦናን ጠባሪ ዘይኮነስ ሓቀኛን ወትሩ እናተናእደ ዝነብርን እዩ።

ብሓጺሩ፡ እቲ ናብ ናይ ሓባር ሃገራዊ ባህሊ ገጹ ዘውጥጥ ማግነት ነጸብራቕ ሃገራዊ ንቕሓት ኤርትራውያን መንእሰያትን ሰብኣዊ ባህሪ ሕብረተሰብ ኤርትራን እዩ። ሃገራዊ ምታክኻብ ኤርትራውያን ነቲ ብተናጸል ኣብ በቦታኡ ዝርከብ ጽባቐ ናብ ሓደ ጠርኒፉ ዘይነጽፍ፡ ዓቢን ዘደንቕን ናይ ሓባር ዋሕዚ ጽባቐ ዝፈጥር መድረኽ እዩ። እቲ ሓይሊ ካብ ቁጽሪ እቲ ዝእኩብ ህዝቢ ዘይኮነስ ካብቲ ኣብ መንጎኦም ዝፍጠር ናይ ፍቕርን ሓድነትን ማግነታዊ ምትእስሳር እዩ ዝፍልፍል።





ሓሳባት

# ንእስነት ከየንእሰካ

ብስራሕ ኣቢለ ኣብ ሓደ እንዳ ድኳን ኣልጊሰ፣ ንምሳሕ ዝኸውን ገለ ኣስቤዛ ክዓዳድግ። ቅድመይ ኣብቲ ድኳን ዝጸንሐት ዓሚል ወዲኣ ምስ ወጽኣት፡ ብግደይ ዝደለኹዎ ክጠልብ ክብል ሓደ ብድሺዛን ቦርሳን ዝማዕረገ ተመሃራይ፡ ብሃታሃታ ናብቲ ድኳን መጺኡ ደው በለ። ቍልዕነተይ ኣዘኻኺሩኒ፡ ንትምህርቲ ክንከይድ ባኒ ንጣዕሞት፣ ጐብዝ ምስ በልና ድማ ካብ ገለ ዝረኸብናዮን ቅርሺ ወዲ ቅርሺ ሒዝና ማስቲካ ሌካሌካ ክንገዝእ ናብ ድኳን ክንእለ ኣዘኪሩኒ። ኣነ ቀስ ኢለ ክሳዕ ዝገዝእ ክጽበ ሰዓታት ትምህርቱ ከይከዶ ሰጊአ፡ ቅድመይ ክሓልፍ መገዲ ከፈትክሉ። ወዮ ተመሃራይ፡ ሕልፍ ኢሉ ንብዓል ድኳን እቲ ዘደልዮ ቀስ ኢሉ ሓቲቱዎ ምስ ሃቦ፡ ቅልጥፍ ኢሉ ኣብ ኣፍደገ ኣበለ'ሞ፡ ኣብኡ ዕንይንይ ድሕሪ ምባል፡ "ላይተርከ፧" ኢሉ ተወኪሱ። ነዚ ምስ ሰማዕኩ ናብኡ ገጸይ ግልጽ በልኩ እሞ፡ መወጽ ከም ዝቖርቀረ ከይተሰከፈ ኣብ ኣፉ ሽጋራ ቃቒሩ፡ ናብታ ዝተመልከተትሉ ላይተር ቀሪቡ፡ ሽጋራኡ ድሕሪ ምውላዕ፡ እናትከኻ መገዲ ቤት ትምህርቱ ሒዙ ተዓዝረ።

"ካብ ብሎሚ ዝነቀወ ዝብኢስ ነየሕድረኒ!" ይብሉ ነይሮም ኣቦታት። ተመሃራይ ካብ ብሎሚ ሽጋራ ኣብ ኣፉ ወቲፉ ክኸይድ እንተ ጀሚሩስ፡ ናይ ጽባሕ ህይወቱ ክንግምት ንጽገምዶ፧ መንእሰያት ብፍላይ ድማ ኣብ ክሊ ዕድመ 14-18 ዘለዉ ተመሃሮ፡ ኣዝዩ ተኣፋፊ ዕድመ ዝረገጹ፡ የማነ ጸጋም ዘዘመጽኦ ንፋስ ዝሸልብቦም ተነቀፍቲ እዮም። ካብዚኦም ገለ ብዝግባእ ዕላማኦም ኣነጺሮም ነውነጀው ከይበሉ ናብ ሸቶኦም ዝግስግሱ ክኾኑ ከለዉ፡ ገለ ድማ ወርትግ ንዝርኣዩዎ ምድጋም ዝብርሆም፡ ዕላማኦም ኣብቲ ናይ ሸዑ ሓጺር ፈንጠዝያን ዳንኬራን ጥራይ ዝተሓጽረ እዮም። ንነብሶም ምምሳል ገዲፎም፡ ናይ ካልኦት ቅዱ፡ ኣበሃህላ ብዓቢኡ ከኣ ኣእምሮኣዊ ዝንባለ ሒዞ ይተርፉ። ካብዚ ዝተበገሰ እዩ እምበኣር ኣብ ክብርታትና ኮነ ባህልና፡ ሃይማኖትና ኮነ ስነ ምግባርና ዘየለን ዘይነበረን ኣካይዳ ንርኢ ዘለና። ተመሃራይ፡ ዲሺሳ ለቢሱ፡ ቦርሳ ተሓንጊጡ፡ ሽጋራ ቃቒሩ ንትምህርቲ ክኸይድ ኣብ መገዲ ምርኣይ ዳርጋ ልሙድ ተርእዮ ዝኾነሉ፡ ትሕቲ ዕድመ ተመሃሮ ኣብ ቤት መስተታትን ለይታዊ ትልሂታትን ምርኣይ ተራ ነገር ዘውሰደሉ ግዜ ኩይኑ ይስምዓካ።

ኩሉ እቲ ጽቡቕ ኮይኑ ዝስምዓካ ነገራት ብናጽነት ትገብረሉ ግዜ ክመጽእ እዩ። ክሳዕ ሽዑ ግን እቲ ሎሚ ክትጓዓዘሉ ዘለካ መገዲ ከይባተኽካ ኪዶ። ኣብዛ ሎሚ ዘለኻያ ዕድመን ዘላትካ ግዜን፡ ንጽባሕካ ዘጸብቕ ነገራት ጥራሕ እናገበርካ እንተ ዘይሓሊፍካ፡ እመነኒ ጽባሕ ከጣዕሰካ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ንጽባሕካ እትሃንጸሉ ድልዱል መሰረት፡ ጽባሕካ ትድልበሉ ድልዱል ድርዒ፡ ጽብሕካ ተጸብቐሉ ግሩም ኰሕሊ ሎሚ። የማነ ጸጋም ከየልገስካ ትኽ ኢልካ እንተ ተጓዒዝካ ጥራይ ኢኻ ጽባሕ ዕዉት ሰብ ኴንካ ንዓለም ብተድላ ትነብራ። ናይ ሎሚ ተድላ መሲሉ ዝተራእየካ ድነ ንኣንፍኻ እንተ ኣንጸላልዩዎ ግን፡ ጽባሕ በዚ ሎሚ ትነብሮ ዘለኻ ዓሻ ህይወት ተጣዒስካ፡ ምንባርካ ትርጉም ስኢንካሉ ዘይምንባር ክትመርጽ ኢኻ። ስለዚ፡ እቶም ኣብዚ ንኡስ ዕድመኻ ሓሊኾም ዘውድቑኻ ዘለዉ ሓጉስ ዝፈጥሩ ዝመስሉ፡ ሰባት፡ ነገራት፡ ጣዕምታት … ብምሉኦም ጠቕሊልካ ካባኻ ኣርሕቖም። ናይ ብሓቂ ዘድልዩኻ እንተ ኮይኖም ኣብቲ ዝጽበየካ ዘሎ ቅርዑው መጻኢ ክጸንሑኻ እዮም። እንተ ዘየሎ ግን ካብዚ ሎሚ ብንኡስካ እትኣትዎ ዓዘቕቲ መንጢሉ ዘውጽኣካ ሰብ ኣይክትረክብን ኢኻ። ሓደራኻ ኣታ መንእሰይ፡ ንእስነት ዕዳ'ዩ ተጠንቀቐሉ፡ ንእስነት ህያብ እዩ ተጠቐመሉ!

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ ገፍሮ በርበረ፣ ቀመማቱን ምጥሓን ገፍሮ በርበረን መኾማዝሉን ...ወዘተ
ዓይነት፦ ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፣
ኣርእስቲ ውዕሉ፦ (ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፣ ንዓመት (2027) ካብ ወርሒ ጥሪ (01/01/2027) ክሳብ ወርሒ ታሕሳስ (31/12/2027) ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሕርት ስለ ዝደሊ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ ገፍሮ በርበረ፣ ቀመማቱን ምጥሓን ገፍሮ በርበረ፣ መኾማዝሉን...ወዘተ) ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
2. ተሳታፍቲ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን፣ መብቅዕ ስነዳትን መንነትን ቅዳሕን ከምኡ'ውን ዓመታዊ ግብሪ ናይ 2025 ዓ.ም ዝኸፈልሉ ሰነድ የቕርቡ።
3. ተሳታፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፣ ካብ ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፣ ክፍሊ ዕድጊ 163467/163834 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
4. ብቑዓት ተሳታፍቲ፣ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
5. ጨረታ ከም ዝ ኣብ ዝ ተዘርዚሩ ዘሎ ዕለት 20/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ክዕጾ እዩ። ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳታፍቲ፣ ሕጋውያን ወኪሎትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብ፣ ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘብ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ Conference Room ቁ.109 ዕለት 29/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
6. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security) (CPO) ንኣሕምልቲ 200,000.00 (ክልተ ሚእቲ ሽሕ) ንገፍሮ በርበረ፣ ቀመማቱን ምጥሓን ገፍሮ በርበረን መኾማዝሉን 100,000.00 (ሚእቲ ሽሕ) ክሰኒ ኣለዎ።
7. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፣ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፣
ዳይረክተር ምም/ፋይናንስን
ኣስመራ ኤርትራ
ቁ.ቴ.163834

---

ብስም ኣረጋይ መልኣከ ጉብረእግዚኣብሄር፣ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ዓደም ሃገር ብመወከሲ ቁጽሪ 000203 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 12941 ፕሎት 32 ፓርስል H ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዙዎ ዝበልዕ እንተሎ፣ ብቁጽሪ ስልኪ 07618883 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ/ዞባ ከረን ምምሕ/ከባቢ 03 ፍሉይ መፍለጢ ዞን 1 ሎት 25 ስፍሓት መሬት 121.20 ት/ሜትር 3 ቀንዲ ክፍሊ 2 ተሓጋጋዚ ክፍሊ ዝተደኮነ፣ ብስም ኣቶ ሐመድ መሓመድኑር ቀዳዳይ ዝተመዝገበ ብሀያብ ዝረኸብክዎ፣ ናብ ስመይ ክሰግር ስለ ዝደሊ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተ ነይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤ/ጽ ቴክኒክ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፣ ብዘለኒ ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዓብደልረሕማን ዑስማን ሰልማን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ/ዞባ ማይ ተመናይ ቁጽሪ ህንጻ C ቁጽሪ ገዛ 108 እንዳ ስገን ስፍሓት መሬት 90.17 ት/ሜትር 2 መደቀሲ ሓደ ሳሎን ዝተደኮነ፣ ብስመይን ብስም ብዓል ቤተይ ኣቶ ዕቑባይ ወልደሃይማኖት ተኸሊን ዝተመዝገበ፣ ብዓል ቤተይ ስለዝዓረፈ፣ ናብ ስመይ ክሰግር ስለ ዝደሊ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፣ ብዘለኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ማመት ተወልደብርሃን ዕቑባሚካኤል

---

ብስም መልኣከ ጉብረእግዚኣብሄር ወልደክኤል፣ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ዓደም ሃገር ብመወከሲ ቁጽሪ 000265 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 14017 ፕሎት 30 ፓርሰል B ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዙዎ ዝበልዕ እንተሎ፣ ብቁጽሪ ስልኪ 07618883 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ መንደፈራ ዞባ 1 ምምሕዳር 01 ጎደና ቀዳማዊ ሃይለ ስላሴ ቁጽሪ ገዛ 29 ብምዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 400702 መወከሲ ቁጽሪ 401161 ብስም ወረስቲ ሃ/ኢብራሂም ኣሕመድ ጓንጉል ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣና፣ ረኺቦሞ ወይ ብዕዳ ሐዙዎ ዝበልዕ እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07316012 ክሕብረና፣ እንተዘየለ፣ መተካእታ ክወሃበና ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ትዕበ ዓብዱኑር በሽራ

---

ወ/ሮ ሩታ ማስፍን ፍሩ፣ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ ሃለኽቲ ኣቕሑ ንግዳዊ ትካለን "ኖቫ ቪዳ ግሮሰሪ" (NOVA VIDA GROCERY) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---



ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ትሕቲኡ ንዘመሓድሩ 3 ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ (ዓሰብ፣ ኣፋምቦ፣ ጠያ) ካብ ወርሒ 01/05/2027 ክሳብ'ውን ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ካብ ወርሒ 10/12/2027 ንቐረብ ኣሕምልቲ ከም (ሽጉርቲ፣ ድንሽ፣ ቀመም ዘለዎ በርበረ፣ ኣጣልን ጨውን) ክቐርቡ ንዘኽእሉ ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ናይ መወዳእታ ናይ ዝተሓደሰ ሊቸንሳ ወይ ንግዲ ፍቓድ ምስ ግብሪ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር ናይ 2025 የቕርቡ።
2. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን30 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ንጸባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኸቡሉ ይኽፈት።
3. መኽበሪ ጨረታ 100,00.00 ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ ወይ cpo ምስ ሰነድ ጨረታ ይተሓዝ።
4. ሰነድ ጨረታ ኣብ ክፍሊ ፐርሶናል ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ፣ ቁጽሪ 01 እናመጻእኩም ምውሳድ ይከኣል።
5. ኣብ ኣስመራ ንዝርከቡ ተጫረትቲ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ካብ ዘሎ ወኪል ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ክትወስዱ ትኽእሉ።
6. ተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ቴሌፎን 661110 ወይ 661041 ክትውክሱ ትኽእሉ።
7. ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረኽብ ወይ ሓዲሽ መምርሒ ምስ ዝመጽእ በዚ ጨረታ ኣይንገደድን ኢና።

## ምልክታ ጨረታ

ትካል ኢንስቲትዩት መጽናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካላ ንዓመተ 2027 (ካብ ወርሒ 01/2027) ክሳብ ወርሒ 12/2027 ዘድሊ ቀረብ መግቢ ኣሕምልትን ፍረታትን፣ ስጋን ከብትን ጠሊ በጊዕን ክዕድግ ስለ ዝደሊ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
2. ተጫረትቲ፣ ቅዳሕ ናይ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2025 ግብሪ መንግስቲ ከም ዝኸፈሉ (ክሊራንስ) የቕርቡ።
3. ተጫረትቲ፣ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ (09) ካልኣይ ደርቢ፣ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ይወስዱ። ቴሌፎን 202360
4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 30/09/2026 ሰዓት 9፡45 ቅ/ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቲ ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ (09) ዕለት 30/09/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ (CPO) 100,00.00 ናቕፋ (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ይቕረብ።
6. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ።
7. ትካል ኢንስቲትዩት መጽናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካላ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኢ/መጽ/ስል/ቋን/ኤርትራ

## ምልክታ ጨረታ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ማእከል ክንክን ቆልዑ ኣስመራ (ኦርፋን) ንዘዮብዩ ህጻናት መግቢ ዝኸውን ኣሕምልቲ፣ ፍረታትን ስጋን እንቋቑሖን ከጫርት ስለ ዝደሊ፣ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

፨ ተጫረትቲ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፍቓድን ናይ 2025 ግብሪ መንግስቲ ዝኸፈሉሉ ሰነድ፣ መንነት ወረቐት ሓሓደ ፎቶ ኮፒ የምጽኡ። መኽበሪ ጨረታ 15,000.00 ናቕፋ ንሕምልትን ፍረታትን፣ 10,000.00 ናቕፋ ንስጋ፣ 5,000.00 ናቕፋ ንእንቋቑሖ ይቕረብ።

፨ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 12/10/2026 ክፉት ይኸውን፣ ንጸባሒቱ ተጫረትቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ይኽፈት።

፨ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ትካልና መጺኹም ወይ ብቑ/ቴሌፎን 181482/181702 ማእከል ክንክን ቆልዑ (ኦርፋን) ተወከሱ። ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ወይ ከፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና 195-8 ቊ.ገዛ 5 ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00042339 ናይ ሕክምና ስ.ፊ ትካለይ፣ ንወ/ሮ ውዳሴ ተስፋማርያም ተላ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና 114-22 ቊ.ገዛ 05 ብዕለት 26/02/2025 ቊ.መዝ 95/2025 ስለዝሃብኩዋ፣ ብስም ወኪል ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፣ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፣ እንተዘይኮይኑ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ህያብ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

በረኸት ስመረ ብርሃ

---

ኣነ ማሕፉዛ ዓብደልቓድር ዑመር፣ ኣደይ ወ/ሮ ብጭር መሰጠፊ ትኩእ፣ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ ሓዝሓዝ ዚፕ ኮድ 1A116 ጎደና 116-12 ቁ/ገዛ ሎታ /ቁ.31 ፓርሰል ቁ/ "F" ኣብ ስፍሓት መሬት 130.80 ዝርከብ ገዛ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቊ.ንብረት 1BRASM003655/0 ብዕለት 7/3/25 ዓ/ም ብስማ ዝተመዝገበ ብውህብቶ ስለ ዝሃበትኒ'ሞ ዋንነቱ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፣ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ማሕፉዛ ዓብደልቓድር ዑመር

## ምልክታ ጨረታ

ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ ኣሕምልትን ፍረታትን ንተማሃሮ ንዓመተ 2027
ኣገባብ ዕድጊ፣ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ኑፍሒ፣ ንዓመተ 2027 ካብ ወርሒ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደሊ፣ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ኑፍሒ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ) ብዕሹግ ደብዳቤ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፣ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፣ ቅዳሕ ታሰራ ከምኡ'ውን ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2024 የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፣ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ኑፍሒ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ።
5. ተጫረትቲ፣ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን30 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ኣብ መበል 30 መዓልቲ ( ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይኮውን ድሕሪ መበል 30 መዓልቲ ዘላ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፣ ሕጋውያን ወኪልቲ ስዉስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ንምትግባር ከምኡ'ውን ንምዕዛብ ዝመጽኡ ተወከልቲ ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ኑፍሒ ይኽፈት። ደንጒዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን።
7. ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ናቕፋ 300,000.00 ናቕፋ (ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ) ብ(CPO) ኣትሒዞም የቕርቡ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ኑፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፣ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ኑፍሒ
ቊ.ሳ.ፖስታ 344 ኣስመራ
ቑጽሪ ስልኪ 08202691/08371122

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

ከም ሕማም ልቢ፡ ሽኮር፡ ጸቕጢ ደም፡ መንሽሮ፡ ኣዝማ ወዘተ ብሰንኪ ካብ ንቡር መጠን ምጉዳል ወይ ምውሳኽ ነዕታት፡ ሆርሞናት፡ ማዕድናት፡ ቀመማት፡ ምንዋሕ ዕድመን ካልኦት ለውጥታትን ናይ ኣካላት ዝኸሰቱ ሕማማት እዮም። ዝያም ሕማማት ዘቃልዑ ነገራት ብዙሓት እዮም። ሓደ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ ናይዞም ሕማማት - ትምባኾን ፍርያቱን እዩ። ካብ ቆጽሊ ትምባኾ ተማስራሒ ብምትካኽ፡ ብምምጻይ፡ ብምሕያኽ ወይ ብምሽታት ዝወሰድ ፍርያት ኩሉ ፍርያት ትምባኾ ተባሂሉ ይግለጽ። ኣብ ትምባኾ ልዕሊ 4 ሽሕ ዓይነት ቀመማት ኣለው። ካብዚኦም እቶም 250 ተጓዳኢቲ እዮም። እቶም 50 ካብዚኦም ድማ ቀንዲ ጠንቂ ሕማም መንሽሮ እዮም።

ኣብ 2016 ውድብ ጥዕና ዓለም ዘውጽኦ ጸብጻብ ከም ዘረጋገጾ፡ ዓመታዊ ኣስታት 6 ሚልዮን ዝኾኑ ሰባት ብሰንኪ ትምባኾን ፍርያቱን ህይወቶም ይስእኑ። ካብዚ ኣሃዝ፡ እቶም 5 ሚልዮን ብቐጥታ ኣትከኽቲ (mainstream smokers) ክኾኑ እንከለው፡ እቶም ዝተረፉ ከኣ ልኡማት ኣትከኽቲ (passive/second hand smokers) እዮም።

ኣብ ዓለም ብሰንኪ ትምባኾ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 6 ካልኢት ሓደ ሰብ ህይወቱ ከም ዝስእን ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት። እዚ ማለት፡ ብዙተፈላለዩ ጠንቅታትን ሕማማትን ናይ ዝርአ ብዙሒ ሞት እቲ 10 ሚእታዊት ብሰንኪ ምጥቃም ትምባኾን ፍርያቱን ይስዕብ። ምጥቃም ፍርያት ትምባኾ በዚ ዘለዎ ናህሪ እንተ ቐጺሉ፡ ኣብ 2030 ዓ.ም. ብሰንኩ ዓመታዊ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቀጽሪ ልዕሊ 8 ሚልዮን ክበጽሕ ከም ዝኽእል ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የጠንቅቕ።

## ሽጋራን ሕማም መንሽሮን



### መንሽሮ ሳንቡእ

መንሽሮ ሳንቡእ ቀታሊ ሕማም ብምዃኑ፡ ኣብ ህዝባዊ ጥዕና ብደረጃ ዓለም ኣዝዩ ቀላሒታ ዘድልዮ ዘሎ ቡዳዊ ሕማም ኮይኑ ይርከብ።

- መንሽሮ ሳንቡእ ብደረጃ ዓለም ብብዝሒ ካብ ዝርአ ዓይነት መንሽሮ እዩ። ብዘስዕቦ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ቀዳማይ ይስራዕ። ኣብ 2022 ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዓመት ኣስታት 2.5 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ብሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ክጥቃዑ እንከለው፡ ብሰንኩ ዝሞቱ ሞት ድማ 1.8 ሚልዮን ይበጽሕ።
- ኣትካኺ ሽጋራ ምዃን ብሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ፡ ካብቲ ዘይትካኽ ካብ 15 ክሳብ 30 ዕጽፊ ዝዛይደ እዩ።

ንውሓት ናይቲ ሽጋራ ዘትከኽኻዮ እዋንን ኣብ ሓደ እዋን ናይ ተትኽኾ ብዝሒን፡ መንሽሮ ሳንቡእ ክተማዕብል ዘለካ ተኽእሎታት ልዑል ጸልዋ እዩ ዘለዎ። ብዝሒ ሽጋራ ዝትከኽዮ ዓመታት ብፍላይ፡ ሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ክተማዕብል ንዘለካ ተኽእሎ ብዝሓየለ መጠን እዩ ዝጸልዎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ክሳዕ ሽጋራ ምትካኽ ተቋርጽ፡ ኣብ ሳንቡእ ዘለዉ ዋህዮታት ክተኻኸኡ/ክጽገኑ ዕድል ስለ ዘይረኽቡ እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነት፡ ዘይንቡር ዋህዮታት ክፍጠሩ ምቹእ ባይታ ይረኽቡ። ስለዚ፡ ኣትካኺ ምስ እትኸውን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ምትካኽ ክተቋርጽ እዩ ዝሞገስ።

### ብምትካኽ ሽጋራ ክስዕብ ዝኽእል ካልእ ዓይነት መንሽሮ፡

ኣብ መንጎ ሽጋራን መንሽሮን ዘሎ ምትእስሳር ንጹር እዩ። ምትካኽ ሽጋራ ብውሑዱ 16 ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማም መንሽሮ የስዕብ። መንሽሮ ሳንቡእ እቲ ልሙድ ብሰንኪ ሽጋራ ዝስዕብ ሕማም ክኸውን እንከሎ፡ ብተወሳኺ፦

- ናይ ኣፍንጫን ሰርናን፡
- ናይ ኣፍ፡
- ናይ ላዕለዋይ ጎረሮ (pharynx)
- ናይ ሳጹን ድምጺ (larynx)
- ናይ ሻሕሻሕ፡
- ናይ ጡብ፡
- ናይ ጸላም ኩብዲ፡
- ናይ ከስዐ፡
- ናይ ኩሊት ወዘተ መንሽሮ ክስዕብ ይኽእል።

### ተኽእሎታት

**ምትካኽ ሽጋራ ሓደ ካብ ጠንቂ ሕማም መንሽሮ እዩ። ብዘይካዚ፦**

- ልኡም ኣትካኺ ምዃን፡
- ንብኩላ ኣየር ምቕላዕ፡
- ምስ ከሚኑሉት ምትእስሳር ኣብ ዘለዎ ስራሕ ምውፋር፡
- ብሕዱር ሕማም ሳንቡእ ክትሳቐ ምጽናሕ ንተኽእሎታት መሽንሮ ሳንቡእ ብፍላይ የዕብዮ እዩ።

### ምክልኻል

ሽጋራ ዘይምትካኽ እቲ ዝበለጸ ካብ መንሽሮ ሳንቡእ ንምክልኻል ዝሕግዝ እቲ ዝበለጸ መንገዲ እዩ። ሽጋራ የትክኹ ካብ ዘለዉ ሰባት ምርሓቕ፡ ንብኩላ ኣየር ዘይምቅላዕ፡ ንጥዕናኻ ኣሰኪፊ ካብ ዝኾነ ስራሕ ምእላይ'ውን ካልኦት ኣማራጺታት መከላኸሊ ኣገባብት እዮም።

### ካብ ጎድኣቲ ቀመማት ፍርያት ትምባኾ

- **ኒኮቲን፦** እዚ ቀመምዚ ኣብ ተጠቀምቲ ፍርያት ትምባኾ ልዑል ጸቕጢ ደም የኸትል። በዚ ኣብ ልብን ሰራውር ደምን ከቢድ ሃሰያ ብምውራድ፡ ኣብ'ቶም ሰራውር ደም - ብቐሊሉ ደም ንክረግእ ጠንቂ ይኸውን። ኒኮቲን ናብ ሓንጎል ኣትካኺ ኣብ ውሽጢ 7 ክሳብ 10 ካልኢታት ይበጽሕ። ካብ 30 ክሳብ 60 ደቓይቕ ኣብ ሓንጎል ክጸንሕ ይኽእል። ድሕሪዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ናብ ትሑት ዓቐን ክጎድል ስለ ዝጅምር፡ ኣብ'ቶም ኣትከኽቲ ካልእ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ድሌታት (ወልፊ) ይፈጥር።
- **ካርቦን ሞኖክሳይድ፦** ደም ኦክስጅን ናይ ምሽካም ዓቕሙ ብምጉዳል ሕጽረት እስትንፋስ የስዕብ። ኣብ ኦክስጅን እኹል ደም ምስ ዘይህሉ ድማ ኩሉ ክፍልታት ኣካላትና እንተላይ ሓንጎልና ብዝሆነ ንጥፈታቱ ክካየድ ኣይክእልን። ንጥፈታት ልቢ'ውን ብዘለዓለ መልክዑ ይሰናኸል።
- **ታር፦** እዚ ቀመምዚ ኣብ መናድቕ ሳንቡእ ብቐሊሉ ክልጠፍ ስለ ዝኽእል ናይ ምምጣጥን ምጭባጥን ባህሪ ሳንቡእ የጉድል። ኣብ ኣካላትና ማለት ኣብ ደምና ንዝካየድ ምልውዋጥ ኦክስጅንን ካርቦን ዳይኦክሳይድን ናይ ምዕጋት ዓቕሚ ስለ ዘለዎ'ውን ሕጽረት እስትንፋስ የስዕብ። ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ድማ ሕማም ልብን ሰራውር ደምን የኸትል።
- **ካልኦት መርዛማት ቀመማት፦** ሽጋራን ካልኦት ፍርያት ትምባኾን ከም ኣቸቲና፡ ሲያናይድ፡ ዲዲቲ፡ ኣርሰኒክ በንዚን ናፍተሊና (ጸረ ባልዕ ክዳን) ወዘተ ዝኣመሰሉ መርዛማት ቀመማት ሐዚዞም ይርከቡ። እዞም ኣብ ሽጋራን ትምባኾን ዝርከቡ

ከሚካላት ኣብ ደምና ተሓዊሶም ብመንገዲ ሻምብቆ ደም ናብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነትና ስለ ዝበጽሑ ዝተፈላለዩ ሓያሎ ዝዓይነቶም ሕማም መንሽሮ ከማዕብል ጠንቂ ይኾኑ።

ሽጋራን ፍርያቱን ካብ ምውሳድ ምቁራጽ፡ ጥዕናኻ ንምሕላው ዝሕግዝ ዝበለጸ ስጉምቲ እዩ።

### ሽጋራን ካልኦት ሕማማትን

ሽጋራ ዘትክኹ ሰባት ካብቶም ዘይትክኹ ክሳብ ኣርባዕተ ዕጽፊ ብሕማም ልቢ ክጥቃዑ ይኽእሉ፣ ብዓሰርተ ዕጽፊ ድማ ሕማም ሻምብቆታት ደም የማዕብሉ። ምትካኽ ሽጋራ ንተኽእሎታት ወቕዒ ብዕጽፊ ከም ዘዛይዶ ይንገር። ሻምብቆታት ደም ብምጽባብ ዑደት ደም ከም ዝንኪ ይገብር። ጸቕጢ ደም ከኣ የስዕብ።

ምጥቃም ሽጋራን ፍርያቱን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዋሕዲ ዘርኢ ከም ዝንኪ ይገብር። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ምንጻል ጥንሲ፡ ዘይንቡር ጥንሲ ኣብ ሻምብቆ ማህጸን መሕለፊ ዘይኣኽሉ ትሑት ክብደት ወይ ምዉት ናጽላ ናይ ምግልጋል ተኽእሎ የዕቢ።

ሽጋራ ዘትክኹ ሰባት ግዙኣት ናይ 'ኒኮቲን' ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ዝስእኑሉ ግዜ ኣደዳ ጭንቀት፡ ድኻም፡ ጸቕጥን ሕማም ርእስን ይኾኑ።

ምትካኽ ሽጋራ ንሓንጎል ኣደዝዚ ናይ ምርሳዕ ሕማም የኸትል።

### ኣብ ማእከላይ ስርዓት መትኒ

ሓደ ካብ ትሕዝቶ ሽጋራ፡ ወልፊ ዘትሕዝ ኒኮቲን እዩ። ሽጋራ ወለዕና ምስ እንስሕብ ኣብ ውሽጢ ካልኢታት ኒኮቲን ናብ ሓንጎልና ይበጽሕ። ንዝተወሰነ ግዜ ናይ ምብርባርን ባህታን ስምዒት ይፈጥረልና። እዚ ስምዒትዚ ምስ ጠፍአ ድማ ክንደገና ድኻም ክስመዓና ስለ ዝጅምር ተወሳኺ ሽጋራ ንደሊ።

ሽጋራ ምቁራጽና ንዝተወሰነ እዋን ጭንቀት፡ ቀጨው ጨው ምባልን ካልእ ስምዒታትን ክፈጥረልና ይኽእል እዩ። ርእስና ክንሓምምን ናይ ድቃስ ጸገማት ክረኽበና'ውን ንኽእል ኢና። ሽጋራ ካብ ዘቋረጽናላ ህሞት ኣትሒዙ ጥዕናና ይመሓየሽ ከም ዘሎ ምስትብሃል ግን የድሊ።

### ኣብ ስርዓት እስትንፋስ

ሽጋራ ኣብ እነትክኸሉ እዋን፡ ሳንቡእና ዘይትኪ ናብ ውሽጢ ይኣቱ። ምስ ግዜ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም የስዕበልና። ሽጋራ ነዊሕ ዓመታት ዘትክኹ ሰባት፡ ብዕንወት ከረጺት ኣየር ኣብ ሳንቡእ (emphysema) ዝተሳቐዩ እዮም። ብኡ መንጸር ነድሪ ጉርጉማ (ብሮንካይት) ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝሰፍሐ ይኸውን።

ሽጋራ ምቁራጽ ንዝተወሰነ ግዜ ኣብ ስርዓት እስትንፋስ ዘይንቡር ስምዒት ክፈጥረልና ይኽእል እዩ። ድሕሪ ምቁራጽ ሽጋራ ዝርአ ብዝሒ ዓኽታ ናይ ጸቡቕ ምልክት ምዃኑ ግን ክስተብሃል ይግባእና።

### ኣብ መትኑልባዊ ስርዓት

ምትካኽ ሽጋራ ንመላእ መትኑልባዊ ስርዓት እዩ ዘፅሉ። ኒኮቲን ሻምብቆታት ደም ከም ዝጸቡ ይገብር። ዋሕዚ ደም'ውን ከም ዝንኪ ይገብር።

ምትካኽ ሽጋራ ጸቕጢ ደም የዕቢ። ሻምብቆታት ደም የዳኽም። ደም ናይ ምርጋእ ጠባዩ'ውን ከም ዝዓቢ ይገብር። ከም ሳዕቤኑ ወቕዒ የኸትል።

ምንጪ፦ cancerresearchuk.com





## እታ ንጣር ቁልዒ!


ኣቲ ንጣር ቁልዒ
ንሽኺ እንተዘይትውልዒ
ዓዋተን ብጹቱን እንተዘይብጽሑ
ኣቡቲ ረፋድ እንተዘይግኾዩሉ
ይረኣየካ...!


ምስቶም ብጹቱ
ወፊሩ ብጊሓቱ
ዓዱ ከይድፈር ብጾላእቱ
ይቐጀሎ ኔሩ!
ቅድሚ 61 ዝረኸቦ መከራ
ኣቤት ናይ ጸላኢ ዳንኬራ
ኣቡቲ ቅድሚ ዓይኑ
ሰድራኡ ክጠፍኡ
ቤቱ ክበርስ
ደንበኡ ክርመስ
ካብ ቅርዓቱ ብሕርቃን ሴፉ
ሐዚዙ ማሰስ
ምስ ብጹቱ ኣዳል ደየቡ
መሬት ምስ ረኣዩ ጸበቡ
እታ ጸውያ
ቡታ ዝሓዘ ኣብሉ ቶግ!
ጸላኢ ሰሚዕዎ ነገ ፈረግ
መንእሰይ ውሓዘ
ኣቡቲ ደንበ ኣዕለቕለቐ
ጸላኢ ክሃድም ልቡ ሞሎቐ
እዛ ቁልዒ ረኺባ ሰማዒ
ኩሉ ዓደይ ኢሉ ኤርትራ
ከምጻእ
ወፊሩ ኣቡቲ ህሮርማ ኣጻምእ
ዓዋተ ቀሲኑ
ራእኡ ሰሚሩ ህዝቡ ኣሚኑ
እዚ ህዝቢ እኮ
ሃገር እንከሎቶ
የብልካን እንክብዝል
ቀሲንካ ምንባር ዶ ይከኣል
ኣዚ ምስ ረኣየ
ሪሙ ዓንዱ ጥሪቱ ተዘሚቱ
እናረኣየ ዓይኑ ተዓሚቱ
ትልሙ ሰሚሩ ህዝቡ ኩቲቱ
ቁልዒ ኣንጠርዋ ዓዋተ ተዓዊቱ
ድሕሪኡ ደኣ
ግሊብጥ ኢሉ ንምጌዳ
ኩላ ተጸላልያ በዘዮዳ
ጸላኢ ሻቡ ፍርሒ ኣትዩዋ ኣብ
ኩቡዳ
30 ዓመት ጥምጥም ንሾግ
ሓርነት
እቲ ሽዑ ዝበረ ከርተት
ተሰጊሩ ዘይርሳዕ ብጻይነት
እታ ንጣር ቁልዒ ግን ኑቲ
ከርተት
ዛዚሞቶ ብናጽነት!
እዛ ንጣር ቁልዒ
ኩሉ'ያ ፈጠራ
ደሙቕ ዓወት' ያ ዓቲራ
እታ ንጣር ቁልዒ
1 መስከረም 61 ዝጀመረት
ብወግዒ
ታሪኻዊ'ያ ኤርትራዊ ክብሪ
ወለዶታት መወከሲ ዕላማ ሓብሪ
ሰፈርኪ እኺ ኤርትራዊት ዝኸሪ

ንኣምን ተስፋዝጊ (ረም ረም)
ደቡብ ሱዳን - ጁባ

# 1 መስከረም 1961 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ











ስእሊ- ታእዛዝ ኣብርሃ
ፍረሚናጦስ እስቲፋኖስ
ኣርካይቭ ጨ/ስእሊ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ተመሪጻ



ኣብ ካናዳ ኣብ ዝቐረድ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም 2026 እትወዳደር ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ተመሪጻ።

እዛ ብምክትል ዓላሚ ሳምሶን ሰለሙን እትእለ ጋንታ፡ ኣብ ሰለስተ ምድባት (ካታጎሪ) ዝወዳደሩ ተቐዳደምቲ እያ መሪጻ ዘላ።

ኣብ ዓብይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ንኦሎምፒካውያን ተቐዳደምቲ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ መርሃዊ ቅዱሱ፡ ቢንያም ግርማይ፡ ሄኖክ ምልእብርሃንን ናትናኤል ተስፋጼንን ሓዲያ ኣላ።

ኤርትራ፡ ኣብዚ ምድብ ኣርባዕተ ተቐዳደምቲ ከተሳትፍ ዝፍቀዳ'ኳ እንተነበረ፡ መርሃዊ፡ ኣብ 2025 ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ብምኳኑ ግና፡ ሓሙሻይ ኮይኑ ስታፊኡ ምርግጋጹ፡ ሳምሶን ገሊጹ። ዓሚ ኣብ ሩዋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ዓለም፡ ዝበለጸ ደረጃ ናይዚ ምድብ፡ ኣማኑኤል፡ መበል 30 ደረጃ ዝሓዞ እዩ። ኣብቲ ውድድር ካብ ዝተሳተፉ ተቐዳደምቲ፡ እቶም 30 ጥራይ ጸወታ ከም ዝዛዘምዎ'ውን ይዝከር።

ኣብ ትሕቲ 23 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ፡ ሓሙሽተ ተቐዳደምቲ ክትሕዝ ዝፍቀዳ ዝነበረ ኤርትራ፡ ብሰለስተ ጥራይ ክትወከል ኢያ። ሻምፕዮን ኤርትራ 2026 ሚልኪያስ ማእከለ ከምኡ'ውን ያፈት ሙልጌታን ናህም ኤፍሬምን። ሚልኪያስን ያፈትን ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ ካታጎሪ ምውድዳሮም ይፍለጥ። ናህም ግና፡ ኣብ ናይ ማእከሎት (ጁንዮር) ምዝዋሩን መበል 11 ብምእታው ዝማሰሮን ደረጃ ምሓዙን ኣይርሳዕን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዓብይቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ተቐዳዳሚት ካንዶን ስራም - ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ እኽኮ ንኤርትራ እትውክል ኢያ። ኣብ 2025፡ ኣብ ትሕቲ 23 ዝተወዳደረት እዛ መንእሰይ፡ ሎሚ ዓመት ካብኡ ዝዓበየ ጸወታ ደጺባ።

ብድምር ትሸዓተ ተቐዳደምቲ ሒዛ ዘላ እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብ ሰለስተኡ ምድባት ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ክትጻወት እያ፡ ኣብቲ ናይ ግዜ ናይ ውልቂ ውድድር (ክሮኖሜተር) ግና፡ ሕጂ'ውን ኣይክትወዳደርን እያ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ማእከሎት ብመንገዲ ናህም ኤፍሬም ተወዳዲራ ዝነበረት እዛ ጋንታ፡ ሎሚ ዓመት ኣብዚ ምድብ ዝውክላ ተቐዳዳማይ የብላን።

ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ማለት የሲኣይ፡ ነተን ኣብ ዓብይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ኣንስትዮ፡ ከምኡ'ውን ናይ ማእከሎት ክልተኡ ጾታ ነጥቢ ዘይብለን ሃገራት፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምድብ ሰለስተ ተቐዳደምቲ ከሳትፋ ፍቓድ ሂቡ እዩ - ብመሰረት ሓበሬታ ሳምሶን ሰለሙን። ዝኾነ ናይ ምጥቃም ዕድል ግና፡ ኣብተን ሃገራት ይምርኮሱ።

ከተማ ሞንትሪያል እተሰናድኦ መበል 93 ሻምፕዮን ዓለም፡ ካብ 20 ክሳብ 27 መስከረም እዩ ክሳላሰል።

## መሲ፡ ጥሮታ ወጺኡ

ኣርጀንቲናዊ ኮኾብ ኩዕሶ እግሪ - ሊዮኔል መሲ፡ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ምውጽኡ፡ ትማሊ ሰኑይ ኣፍሊጡ።

ኣብ 2005 ንዓብይ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ክውክል ዝጀመረ መሲ፡ ኣብ 207 ግጥማት 125 ሸቶታት ብምቑጻር፡ ናይ ኩሉ ዝለዓለ ተሰላፍን ኣመዝጋቢን ሃገሩ ብምኻኑ ኣብ ቅድሚት ደርኩቡ።

ኩሉ ዝከኣሎ ነዛ ጋንታ ከምዝሃበን ኣብዚ እዋን ግና ዝተርፎ ከም ዘይብሉን ዝሓበረ




መሲ፡ "ግዜ ይኸይድ፣ ምዕራፍ ይዕጸው፣ እዚ ምፍናወይ ግና እቲ ዝያዳ ዝኸበደኒ እዩ። ኣካል ናይዛ ሃገራዊት ጋንታ ምንባረይ እሕበን ኩሉ ግዜ'ውን ክዝክሮ'የ" ኢሉ።

ዝሓለፈ ወርሒ ወላዲኡ ብሞት ዝተፈልዮ ሊዮኔል መሲ፡ ናይ ጥሮታ መልእኽቱ፡ ድሕሪ ክልተ መዓልታት ናይ'ቲ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ብስዕረት ዝተሰዓሩሉ ከምዝጸሓፎ እዩ ገሊጹ።

ኣብ 2016 ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ኣመሪካ ብቺለ ኣብ ዝተሳዕረሉ ፍጹም ቅላዕ ዝስሓተ መሲ፡ ድሕሪ'ቲ ጸወታ ጥሮታ ወጺኡ እኳ እንተነበረ፡ ሓሳቡ ብምቕያር ቀጻሊ ምጽዋት ቀጺሉ። ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዝኾነ መሲ፡ ዋንጫ ዓለም 2022፡ ኮፓ ኣመሪካ 2021ን 2024ን ከምኡ'ውን ጸዋእ ፋይናሊዝማ 2022 ክዕትር በቒዑ እዩ።

## ሚኒስትሪ ምክልኻል ውድድር ጉያ ጎቦ ኣካይዱ

### ሓሬና ብክልቲኡ ጾታ ዋንጫ ጨቢጣ

ሚኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ፡ ንፍልማይ ግዜኡ ውድድር ጉያ ጎቦ ብክልቲኡ ጾታ ሰንበት 30 ነሓሰ ኣብ ቤት ገርግሽ ኣካይዱ።

ኣብቲ ዓሰርተ ጋንታታት ሓይልታት ምክልኻል ዝተሳተፋሉ ውድድር፡ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ሸሞንተ ኪሎሜተር፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ናይ 10 ኪሎሜተር ርሕቀት ተሰሪዑሎም። ኣትሌታት ድማ፡ ካብ ጉልዒ ተበጊሶም ንላዕሊ ንጎቦ ሰኒሮም ሰንጢቖም ኣብ ብሎኮ ቤት ገርግሽ ዛዚሞም።



በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌት ሓሬና - ቅሳነት ተወልደብርሃን ቀዳመይቲ ክትኣቱ እንከላ፡ ትርሓስ ወልደሚካኤል ካብ መኸተ ከምኡ'ውን ልዋም ኣንገሶም ካብ በኒፈር ተኸቲለን ብሩርን ነሓስን መዳልያ ኮይነን። የርዳኖስ ሃብተስላሴ - በኒፈር፡ መድህን ተኽለጻዮን - ሓሬና፡ ንያት ገብረትንሳኤ - ክንፈ ከኣ ካብ ራብዐይቲ ክሳብ ሻዱሻይቲ ኣትየን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣትሌት ጋንታ መኸተ ተኽለሃይማኖት ብርሃ፡ ንሙሴ ክፍሎም - ሓሬና፡ ኣሲያስ ተስፉ ካብ ሰንጥቕ ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ። ይከኣሎ ተስፉሚካኤል - ሓሬና፡ ናትናኤል ጴጋይን ዳኒኤል ተወልደን ካብ በኒፈር ድማ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ዝሎ ደረጃ ተማቒሎሞ።

ዕዉታት ክልተኡ ጾታ ከኣ፡ ቀዳማይ 10 ሽሕ ናቕፋ፡ ካልኣይ ሸውዓተ ሽሕ ናቕፋ፡ ሳልሳይ ሓሙሽተ ሽሕ፡ ራብዓይ ኣርባዕተ ሽሕ፡ ሓሙሻይ ሰለስተ፡ ሻዱሻይ ክልተ ሽሕ ተሸሊሞም።

ብደረጃ ጋንታ፡ ብክልተኡ ጾታ ሓሬና ዋንጫ ምጭባጣ ተሓቢሩ።

## ፖጋቻ፡ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ክርከብ ድዩ፡

ዓንተር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም - ታደይ ፖጋቻ፡ ድሕሪ'ቲ ቀዳም ኣብ ዞር ስጳኛ ዘጋጠሞ ሓደጋ፡ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም 2026 ክርክብ ዘለዎ ተኽእሎ ዝወሓደ ምኻኑ፡ ብኢጋኡ ተገሊጹ።




ፖጋቻ፡ ሰሪ'ቲ ኣብ ሻሙናይ መድረኽ ዘጋጠሞ መውደቕቲ፡ ኣብ ዓጽሚ ክሳዱ መንቃዕቲ፡ ኣብ ሓለቕምቱ መስበርቲ፡ ከምኡ'ውን መጉዳእቲ ርእሲ ኣጋጢምዎ፣ መጥባሕቲ ከካይድ ምኻኑ'ውን ይሕበር።

ካብ 20 ክሳብ 27 መስከረም ዝሰላሰል ሻምፕዮን ዓለም፡ ናይ ዓብይቲ ናይ ግዜ ውድድር 20፡ ናይ ጽርግያ ከኣ 27 መስከረም ክቐርብ እዩ።

ካብ ከምዚ ዓይነት ሓደጋ ንምሕዋይ ከኣ ልዕሊ'ዚ ተሪፉ ዘሎ ግዜ ወይ መዓልታት ከምዝወስድ ይግለጽ።

በዚ ድማ ገለ ክኢላታት፡ ማእከል ስሕበት ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ዝኾነ ፖጋቻ፡ ኣብዚ ዓለምለኻዊ ውድድር ክጻወት ዘለዎ ተኽእሎ ውሑድ ምኻኑ ገሊጾም ኣለዉ - ወላ'ኳ ዛጊት ጋንታኡ ክሳብ ክንደይ ካብ ጸወታ ክእለ ምኻኑ ብወግዒ እንተዘይሓበረት። ብሓፈሻ ኣብዚ ተሪፉ ዘሎ ዓመት ዳግማይ ናብ ጸወታ ክምለስ ዝኽእል እንተኾይኑ'ውን፡ ምስ ግዜ ክርአ እዩ።

ፖጋቻ፡ ናይ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት (2024ን 2025ን) ዕዉት ናይ ጽርግያ ውድድር ሻምፕዮን ዓለም ምኻኑ ይፍለጥ። ሰለስተ ዓመታት ኣኸታቲሉ ሻምፕዮን ዓለም ዝኾነ ተቐዳዳማይ፡ ፔተር ሳጋን ጥራይ እዩ።

እዚ ተቐዳዳማይ ዩኣይኢ ኢማራተስ፡ ዝዙር ስጳኛ ብሰፊሕ ፍልልይ እናመርሖን ክዕወተሉ ዝበዘሐ ማእታዊት እናሃለዎን እዩ ካብቲ ውድድር ተኣልዩ። "ንሰለስተኦም ግራንድ ቱራት ዝተዓወተሎም ታሽዓይ ተቐዳዳማይ" ካብ ምኻን'ውን ተዓንቒጹ። ብሰሪ ሓደጋ ካብ ውድድር ንፈለማ ግዜኡ ዝወጸ - ፖጋቻ፡ ዝዙር ፈረንሳን ዙር ኢጣልያን ከምዝተዓወተሎም ይፍለጥ። ዝተርፎ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር፡ ዙር ስጳኛ ጥራይ እዩ።

## ናይ ምድብ ግጥም ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ተዛዚሙ

### ክለባት ዞባ ማእከል፡ ሕጂ'ውን ዓብሊለን

ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ፡ ሰንበት 30 ነሓሰ ናይ ምድብ ግጥማቱ ኣብ ስታድዮም ከረን ዛዚሙ።

ኣብቲ ጋንታታት ጉጅለ 'ለ' ናይ መወዳእታ ናይ ምድብ ጸወታአን ዘካየዳሉ ዕለት፡ ዓንሰባን ነቲ ምድብ ቀዳመይቲ ብምኻን ትቕልሶ ዘላ ኣዱሊስን 0-0 ተፈላልየን። ኣብል ዓንሰባ ሚሮን ተስፋይ ከኣ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

ግጥም ደንደንን ኣልሂላልን፡ ዓብላልነት ደንደን እተረኣየሉ ነይሩ። ካብ ሳይሞን ሃብተ ኣብ መበል 31 ደቒቕ መሪሕነት ዘተሓዘት ሸቶ ዘመዝገበት ደንደን፡ ክልተ ካብ ሲም መብራህቱ፡ ሓሓንቲ ከኣ ካብ ሮሚል ዓብዱን ዴቭን ግዛቻዊን ወሲኻ፡ ብጠቕላላ 5-ብ0 ተዓዊታ። ሲም፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ሰንዓፈን ሰሜንቶን ዝተኻየደ ጸወታ፡ 1-ብ1 ተዛዚሙ። ሰሜንቶ ካብ መሓመድ መሳ ኣብ መበል 48 ደቒቕ፡ ሰንዓፈ ድማ ካብ እስማኤል ዑመር ኣብ መበል 52 ደቒቕ ሸቶታት ኣቑጺረን። ንሰንዓፈ ዘመዓራረየ እስማኤል፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ጸወታ ተሰምዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ መኽፈቲ ጸወታ ዘይተኻየደ ጸወታ ደንካልያን ሳሕልን ሰንበት ተኻይዱ። ደንካልያ፡ ኣርባዕተ ሸቶታት ካብ ሻም ፍረዝጊ፡ ሓንቲ ከኣ ካብ የሱፍ ዓሊ ኣቑጺራ፡ ካብ ናህም ተኽለማርያምን ስራክ መሲንን ክልተ ሸቶታት ንዝረኸበት ሳሕል 5-ብ2 ስዒራታ። ሱፐር ሃትሪክ ዝሰርሐ ሻም፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ።





በዚ ወጽኢት፡ ካብ ምድብ 'ሀ'፡ ኣልታሕሪን ቀይሕ ባሕሪን ብማዕረ 13 ነጥቢ፡ ጽብለልታ ሸቶ ግና፡ ኣልታሕሪር 26 ጽብለልታ ቀይሕ ባሕሪ 19 ብምእካበን ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ኮይነን ሓሊፈን።

ኣብ ምድብ 'ለ' ድማ ኣዱሊስን ደንደንን ብተኸታታሊ 13ን 12ን ነጥቢ፡ ተመራሪሐን ሓሊፈን። ኣርባዕተኣን ክለባት ዞባ ማእከል ሕጂ'ውን ዓብሊለን ወጺአን።

በዚ ድማ ኣብ ፍርቂ ፍጻሜ፡ ኣልታሕሪር ኣንጻር ደንደን፡ ኣዱሊስ ኣንጻር ቀይሕ ባሕሪ ጽባሕ ክጻወታ እየን።

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ**

**(ኣብ ስታድዮም ከረን)**

**ኣልታሕሪር - ደንደን 1:00 ድ.ቀ**

**ኣዱሊስ - ቀይሕ ባሕሪ 3:00 ድ.ቀ**

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣመሪካ፡ ሃገራት ጉጅለ-20 ኣብ ልዕሊ ቻይና ንግዳዊ እገዳ ክገብራ ትጽውዕ

ጸሓፊ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ - ስኮት በሰንት፡ ዓለማዊ ቁጠባዊ ዘይምዕሩይነት ንምንካይ፡ ሃገራት ጉጅለ-20 ምስ ቻይና ዝነብራኦ ንግዳዊ ውዕላት ክድርታኣን ቻይና ካብ ሰደድ ርሒቓ ኣብ ወሽጣዊ ንግዲ ጥራይ ንኽተተኩር ጸቕጢ ክገብራን ከም ዘለወን ኣተሓሳሰበ።

በሰንት ምስ ሚኒስተራት ፋይናንስ ሃገራት ጉጅለ-20 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ኣመሪካ ምስ ቻይና ዘለዋ ቀጥታዊ ንግዳዊ ዝምድና ብቐልጡፍ ደስተኻኽል ከም ዘሎ እኳ እንተ ገለጸ፡ ሕጂ'ውን እቲ ካብ ቻይና ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ምስቲ ካብ ኣመሪካ ናብ ቻይና ዝለኣኽ ፍርያት ገና ክመጣጠን ኣብ ዝኽእለሉ ደረጃ ከም ዘይበጽሐ ገሊጹ።



“ቻይና ቁጠባኣ ኣዝዩ ተዓኒሙ እንክሎ ናብ ወጻኢ ሃገራት እትገብሮ ሰደድ ንምዕባይ ትጽዕር ኣላ” ክብል'ውን ኣመልኪቱ።

በሰንት ቀጺሉ፡ ዝተረፉ ሃገራት ዓለም'ውን ምስ ቻይና ንዘኑብራኦ ንግዳዊ ውዕላት ክምርምራኦ ከም ዘለወን ኣተሓሳሰበ። ኢምባሲ ቻይና ኣብ ዋሽንግተን ግና፡ ንምሕጸንታ በሰንት ዝኾነ ርእይቶ ኣብ ምሃብ ተቖጢቡ ከም ዘሎ እዩ ዝገለጸ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ 2025 ስልጣን ካብ ዝሓዘ ንደሓር ብሰንኪ ዘተኣታተዎ ልዑል ወሰኽ ቀረጽ፡ ካብ ቻይና ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ዝነበረ ዝተፈላለየ ንግዳዊ ፍርያት፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ብሓደ ሲሶ ከም ዝጎደለ እዩም ሰብ መዚ ኣመሪካ ዝገለጹ።

## ኬንያ - ሓያለ በረራታት ተሰናኺሉ

ሰራሕተኛታት ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኬንያ፡ ብሰንኪ ዘካይድዎ ዘለዉ ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ ብዙሕ በረራታት ከም እተሰናኸለ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ገሊጾም።

ምድንጓይን ምስራዝን ናይቲ በረራታት ከኣ ንኣሽሓት ተገልገልቲ ብኣሉታ ጸልዩዎም ከም ዘሎ፡ እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ሓቢሮም።

ማሕበር ሰራሕተኛታት ኣቨየሽን ኬንያ፡ እቲ ኣድማ፡ ብዓል መዚ ሲቪል ኣቨየሽን ኬንያ ምስ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ጆሞ ኬንያታ ኣብ ስምምዕ ክበጽሕ ብዘይ ምኽኣሉን፡ ብዓል መዚ መዓርፎ ነፈርቲ ኬንያ ኣድላዪ ምትሕብባር ክገብር ፍቓደኛ ብዘይ ምዃኑን ከም ዝሰዓበ ገሊጹ።

ብዓል መዚ ሲቪል ኣቨየሽን ኬንያ፡ ነቲ ፍጻመ ኣመልኪቱ ዝሃቦ መግለጺ ከም ዘየለዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ።

ዋና ጸሓፊ ሲቪል ኣቨየሽን ኬንያ ካውው ሞስ ንዲማ ብወገኑ፡ ላዕለዎት ሰብ መዚ ኬንያ ነቲ ጉዳይ ንምፍታሕ ርክብ እኳ እንተ ኣካየዱ፡ እቲ ኣኼባ ግን ብዘይ ፍረ ከም እተበተነ ገሊጹ።





## ቬንዙዌላን ኣመሪካን ሓድሽ ውዕል ነዳዲ ክቲመን

ቬንዙዌላ ምስ ኣመሪካ ብዝበጽሓቶ ሓድሽ ስምምዕ መሰረት፡ ዝለዋ ዕቑር ነዳዲ ባዕላ ክትቆጻጸሮ ከም ዝተፈቐደላ፡ ግዜያዊ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ደልሲ ሮድሪገዝ ሓቢራ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ኣብ መዳይ ዕቑር ነዳዲ ኣመልኪታ ምስ ቬንዙዌላ ዝኸተመቶ ስምምዕ - ኣብ ታሪኽ እቲ ዝዓበየ ውዕል ነዳዲ ምዃኑን ንመጠን ናይቲ ተኸዚኑ ዘሎ ነዳዲ ኣመሪካ ደማ ብልዕሊ ዕጽፊ ከም ዘዕበዮን ኣፍሊጡ ምንጩ ይዝክር።

ፕረዚደንት ሮድሪገዝ እቲ ኣብ መንጎ ሃገራን ኣመሪካን ዝተኸተመ ስምምዕ፡ ብቐንዱ 65 ቢልዮን በርሚል ዝግመት ዕቑር ነዳዲ ቬንዙዌላ ንምውጻእ ዝዓለመ ምዃኑ ኣረዲኣ።

ንሳ ቀጺላ፡ “ቬንዙዌላ ኣብ ምድራዊ ጸጋታታ ዝለዋ ምሉእ ዋንነትን ልኡላውነትን ብምዕቃብ፡ ነቲ ብኣገዳሲ ኣዝዩ ተዓኒሙ ዝጸንሐ ስትራተጂያዊ ኢንዱስትሪ ነዳዲ ከተበራብሮ እያ” ክትብል ገሊጻ።

ብመሰረት ምምሕዳር ሓበሬታ ጸዓት ኣመሪካ፡ ዋሺንግተን ኣብ ከርሲ መሬታ ኣስታት 46 ቢልዮን በርሚል ዕቑር ነዳዲ ክህሉዋ እንከሎ፡ ቬንዙዌላ ከኣ ኣስታት 65 ቢልዮን በርሚል ዝግመት ዕቑር ነዳዲ ኣለዋ።



በዚ ከኣ፡ ኣስታት 111 ቢልዮን በርሚል ዕቑር ነዳዲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣመሪካ ከም ዘሎ እዩ ትካል ጸዓት ኣመሪካ ዘረድኤ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣመሪካ ንመሸጣን ኣታዊታትን ነዳዲ ቬንዙዌላ ንዘተወሰነ ግዜ ክትቆጻጸሮ መደብ ከም ዘለዋ፡ በዚ ከኣ ካብ መሸጣ ዘይተኣረየ ነዳዲ ቬንዙዌላ ዝርከብ ኩሉ ኣታዊታት ኣብ ሕሳብ ካዝናኣ ክቕመጥ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣዚዙ ከም ዘሎን ይግለጽ።

## ኢራን፡ ኣብ ዮርዳኖስ ትድብድብ

ኢራን፡ ኣብ ዮርዳኖስ ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዐስከራት ኣመሪካ መጥቃዕቲ ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ከም ዘካየደት ኣፍሊጣ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ እቲ “መልሰ መጥቃዕቲ” ክብል ዝገለጾ ስርሒት፡ ንመደብራት ሓይሊ ኣየር ንጉስ ሑሴንን ኣል-ኣዝራቕን ዒላማ ዝገበረ ምዃኑን ከቢድ ዕንወት ከም ዘውረደን ገሊጹ።

ዮርዳኖስ ብወገና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ትማሊ ሰሉይ ናብ ክሊ ኣየራ ንዝኣተወ ሽሞንተ ሚሳይላት ኢራን ዒላማኡ ቅድሚ ምውቓዑ ከም ዘበርዓኖ ሓቢራ።

ሓደ ኣመሪካዊ ምንጪ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ'ውን፡ በቲ መጥቃዕቲ ኣብቲ መደብራት ዝወረደ ከቢድ ጉድኣት ከም ዘየለ ገሊጹ።

ኢራን ኣብ ዮርዳኖስ ንዝርከብ መደብራት ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ትድብድብ ዘሎ፡ ኣመሪካ ኣብ ወሽመጥ ሆርሙዝ ኣብ እትርከብ ደሴት ላራክ መጥቃዕቲ ብምፍጻማ ሓያሎ ዜጋታት ኢራን ድሕሪ ምቕታሎምን ምቑሳሎምን እዩ።



ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ብወገኑ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ ልዕሊ መጻብቦ ሆርሙዝ ዝርከቡ ሓይልታቱ መጥቃዕቲ ንምክያድ ኣብ ዝዳለወሉ ዝነበረ ግዜ፡ ቀዳሚ ስጉምቲ ከም ዝወሰደ ኣረዲኡ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ንፍሲ ወከፍ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ዝካየድ መጥቃዕቲ ግቡእ መልሰ ግብርን መቕጻዕትን ከም ዝወሃቦ ኣጠንቂቑ'ሎ።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ምምሕዳር ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝጀመሮ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወፍሪ ናብ ቁጠባዊ መጥቃዕቲ ከም ዘሰጋገሮ ኣፍሊጡ ምንጩ፡ ጸብጻብ ዜና የመልክት።

## ቁጽሪ ግዳያት ዕልቕልቕ ቻይና-ኔፓል ይውስኽ

ኣብ ዶብ ኔፓልን ቻይናን ብዘዝረመ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ብዝሰዓቦ ሓያል ሓደጋ ዕልቕልቕን ካብ ልዕሊ 900 ሰባት ሞይቶም ከም ዘለዉን ካልኦት ኣሽሓት ሰባት ድማ ደሃዮም ጠፊኡ ምህላዉን ሰብ መዚ ክልቲአን ሃገራት ገሊጾም።

እቶም ሰብ መዚ ኣብ መግለጺታቶም፡ ልዕሊ 4 ሽሕ ሰባት ደሃዮም ክርከብ ከም ዘይተኻእለን ገለ ራሳታት ብውሕጅ ተገፊዑ ኣብታ ጎረቤት ሃገር ዝኾነት ህንዲ ከም ዝተረኽበን ሓቢሮም።

እቲ ዝሓለፈ ሰሙን ብዘዝረመ ብርቱዕ ዝናብ ዝሰዓበ ከቢድ ሓደጋ ዕልቕልቕ፡ ንገለ ቁሸታት ቻይና'ውን ምሉእ ብምሉእ ብጭቃ ደፊኑወን ከም ዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዜጋታት ኔፓል፡ ህንዲ፡ ደቡብ ኮርያን ቻይናን ዝርከብዎም ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ንግዳያት ናይቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣብ ምርዳእ ተዋፊሮም ከም ዝርከቡ፡ እቶም ሰብ መዚ ገሊጾም።

ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኔፓል ኣምሪት ባሃዱር ራይ ብወገኑ፡ ኣስታት 19 ሽሕ ኣባላት ጸጥታን 16 ሄሊኮፕተራትን ኣብቲ ህይወት ናይ ምድሓንን ሬሳ ግዳያት ናይ ምድላይን ስርሒታት ተዋፊሮም ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ ካናዳን ሕብረት ኤውሮጳን ከኣ ብድምር ልዕሊ ትሸዓተ ሚልዮን ዶላር፡ ዓባይ ብሪጣንያ 6.8 ሚልዮን ዶላር፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ 2.5 ሚልዮን ዶላር ህጹጽ ሰብኣዊ ምወላ ንቻይናን ኔፓልን ከም ዝሃባ ኣፍሊጠን ኣለዋ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | 01/09/2026 | ጎደና ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ጉዛ ጥንዳ ጥልያን | 119802 |
| ፋርማሲ ኣኽርያ | | ጎደና ሸርኢት -135፡ ከባቢ ኣኽርያ | 08370238 |
| ፋርማሲ ጃልያ | | ጎደና ሰገኪይት ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565